
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.116 | ሰሉስ 14 ጥሪ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዘውቴራት ሕማማት ኣብ ዝሑል...


ገጽ 3


ሓጺር ገምጋም መጽሓፍ...

ገጽ 4
ካብ ዘይተማህረት ኣደ ዝተፈጥረ ኮኾብ ስነ-ፍልጠተኛ


ገጽ 5
"የፍቅረኒ ዶ ይኾውን?"


ገጽ 7
ዞባ ማእከል፡ ውድድር...



# ቀዳማይ ስሉሳዊ ኣኼባ ኮሚቴ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ግብጽን ሶማልያን ተቓኒዑ




ቀዳማይ ስሉሳዊ ኣኼባ ኮሚቴ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ግብጽን ሶማልያን፡ ብ11 ጥሪ ኣብ ካይሮ ተቓኒዑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማል ኣሕመድ መዓልም ፊቒን ኣብ ርክቦም፡ ኣብ ምሕያል ዞባዊ ምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ሰላምን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዕምቆት ዘቲዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ብ10 ጥቅምቲ 2024 ኣብ ኣስመራ ድሕሪ ዝገበርዎ ስሉሳዊ ርክብ ኣብ ዘውጽእዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ዝምድና ሃገራቶም ንምምዕባልን ንምዕማቑን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዲፕሎማሲያዊ ምዕባለታትን ዝገበር ፖለቲካ ምምኽኻር ንምዕዛዝ፡ ብሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ዝቖመትን ስሩዕ ርክባት እተካይድን ሓባራዊት ኮሚተ ክትቀውም ምስምምዖም ዝዝከር'ዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ'ቲ ዕለት ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ፡ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ዓውድታት ቁጠባዊ ልምዓትን ክልተኣዊ ምትሕብባርን ዘሎ ዝምድናታት ንምድንፋዕ ዘቲዮም።

# ጋሽ-ባርካ - ውሁድ ተሳትፎ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ንምዕባይ ዋዕላ ተኻይዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቀኣንስትዮን ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ክብ ንምባል ዝዓለመ ዋዕላ፡ ብ10 ጥሪ ኣብ ባረንቱ ኣቃኒዑ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣበብከር ዑስማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶትን እቶታውነትን ሓረስቶት ብምዕባይ ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ንዝተላንጸጸ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ስትራተጅያዊ ውጥንን ዕላማኡን ብምብራህ፡ ንምዕዋቱ - ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብሓፈሻ፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ክኢላታት ሕርሻን ድማ ብፍላይ ወህደቶም ኣሐዩሎም ክሰርሑ ተላቢዩ።


ሰኣሊ ኢብራሂም ዓሊ

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ንኣሹቱን ማእከሎትን ንግዳውያን ሕርሻታት፡ ኺኢስ ምርባሕ ንህቡ፣ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒን ኣገዳስነቱን፡ ከምኡ'ውን ተራ ሃማደኤ ኣብ ምሕያል ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዝብሉ ወረቓቕቲ ቀሪቦምን ተዘቲዩሎምን።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እቶትን እቶታውነትን ሓረስቶት ክብ ብምባል ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንምርግጋጽ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቀዳምነት ተዋሂቡ ክድፋኣሉ ብምትሕስሳብ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተዳለወ ስትራተጅያዊ ውጥን ንኽዕወት፡ ምምሕዳር ዞባ ምስ መሓውራቱ ኣበርክቶ ከምዘበርክቱ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተሳተፍቲ ደቀኣንስትዮ ኣብ ሕርሻ ንምዕዛዝ ብዕቱብ ክሰርሕ፣ ሓረስቶት ተመኩሮታቶም ዝለዋወጡሉ ባይታ ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ንኣስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ክተኣታቶ ዝብል ርይቶታት ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣባላታውያን ሓለፍቲ ሕርሻን ሓረስቶትን ናይ ምስጋና ወረቐት፡ ናውቲ ሕርሻን መወከሲ ጽሑፋትን ተዓዲሉ።

# ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ መበል 26 ዓመታዊ ዋዕላ ኣቃኒዑ

ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ ብ11 ጥሪ መበል 26 ዓመታዊ ዋዕላ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣቃኒዑ።

ፕረዚደንት ማሕበር ፕሮፌሰር ነጋሲ ሌኣከ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ዓመታዊ ዋዕላ ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ ኣብ ምዕባለ ጽላት ሕክምና ዘተኮረ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ስነ-ፍልጠታዊ ወረቓቕትን ብኣባላት ከምዝቐርብ፡ እዚ ድማ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ሕብረተሰብን ሞያ ሕክምናን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘሀልዎ ገሊጹ።

ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተመሳሳሊ ዋዕላ ካብ ዘካይድ ንውሕ ዝበለ ግዜ ከምዝገበረ ዝሓበረ ፕሮፌሰር ነጋሲ፡ ኣባላት ማሕበር ጥዑና-ጠቀስ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ንኸቕርቡ ብማሕበር ምትብባዕ ከምዝገበረሎም ኣብሪሁ።






ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ምንካይ ሞት ኣዴታት፣ ተጻዋርነት መድሃኒታት፣ ጠንቅታት ዓባይ ሰዓል መዓናጡ፣ ኣፍልጦ ወለንቲ ጥሪት ኣብ ምስፍሕፋሕ ሕማም ብሩሴላ፣ ከምኡ'ውን ተጻዋርነት ሕማም ዓሶ ኣብ ዝብሉን ካልኦት ጥዕናዊ ዛዕባታትን ዘተኮረ ትሸዓተ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝርግሐ ማሕበር፣ ተራ ማሕበር ኣብ ምምሕያሽ ደረጃ ኣባላት፣ ምቛም ኮሚቴ መጽናዕቲ፣ ምድላው መርበብ ሓበሬታን መተግበሪ ሞባይልን ኣብ ዝብሉን ካልኦትን ዛዕባታት ብዕምቆት ዘቲዮም።

ካብ ዝምስረት 30 ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ ልዕሊ 200 ኣባላት ኣለውዎ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዝውቱራት ሕማማት ኣብ ዝሑል ኩነታት ኣየር

ምቅይያር ኩነታት ኣየር ኣብ ጥዕናና ቀጥታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ናይ ነፍሲ ወከፍና ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝተፈላለየ ይኹን'ምበር፣ ምስ ምቅይያር ኩነታት ኣየር፣ ቀጨውጨው ዝይብሉ፣ ድኻም ዘይስምዖ፣ ሰዓል ዘይምም ወዘተ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ዘለናዮ ወቕቲ ዛሕሊ ዝዓብለሎ ብምዃኑ፣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ኩነታት ጥዕንኦም ደስ ዘይብሎም ነገር ከስተብህሉ ንዕዙብ ኢና። ኣቓዲምና ኣብ ኣመጋግባና ይኹን ኣኳዳድና፣ ግቡእ ኣፍልጦን ጥንቃቐን ምስ ዝህልወና ግን፣ ካብዚዮም ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት ንምክልኻል ይከኣል እዩ።

ኣብ ዝሑል ኩነታት ኣየር ክረኣዩ ዝኽእሉ ሕማማት ከመይ ዝበሉ እዮም?

### ጉንፋዕን ኢንፍሉወንዛን

ጉንፋዕን ኢንፍሉወንዛን ኣብ ግዜ ዝሑል ኩነታት ኣየር ዝረኣዩ ልሙዳት ሕማማት እዮም። ምቅይያር ክሊማ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ሰብነትና የዳኽሞ እዩ። በዚ ምኽንያት፣ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር ሙቡዛሕትና ጉንፋዕ ወይ ኢንፍሉወንዛ ንሓምም። ግቡእ ክንክን ንጽህና ብፍላይ ድማ ንጽህና ኣእዳውና ብምክትታል፣ ምስ ዝሓመሙ ሰባት ንዝበር ምቅርራብ ብምቑጣብ፣ ነቲ ሕማም ካብን ናብን ካብ ምልባዑ ክንከላኸሎ ይከኣል። ኣብ ኣኩዳድናና ግቡእ ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና።

### ረኽሲ ስርዓተ እስትንፋስ

ኣብ ዝሑል ኩነታት ኣየር፣ ዋላ'ውን ጉንፋዕ ኣይሃልወና፣ ኣፍንጫናን ጉረሮናን ክሕርሕረና ምስትብሃል ልሙድ እዩ። እዚ ዓይነት ጸገም'ዚ፣ ግቡእ ክንክን ድሕሪ ምግባርና ብቐሊሉ ዝሓዊኻ እንተዀነ፣ ኣብ ገለ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ብፍላይ ናይ 'ብሮንካይት' ወይ 'ኒሞንያ' ጸገም ይፈጥር እዩ።

እዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ኣብ ህጻናት'ውን ብዝበዝሒ ይርአ እዩ።

### ኒሞንያ

ኒሞንያ ብቫይረስን ባክተርያን ክስዕብ ዝኽእል ሓደገኛ ሕማም እዩ። ኣብ ዝሑል ኩነታት ኣየር ጊዜ ዝርአ ሕማም ድማ እዩ።


ኒሞንያ ንህጻናትን ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዝለዎም ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባትን ብዝበዝሒ ስለ ዘጥቅዕ ኣቓዲምና ግቡእ ጥንቃቐ ክንገብር የድሊ።

### ወቕታዊ ቁጥዐ ሰብነት

ኣብ ግዜ ምስ ምውጻእ ጸገ ዕምባባታት፣ ምፍጣር ዘርኢ፣ ሰቡ፣ ገለ ካብ ቁጥዐ ሰብነት ዘለዓሉ ጠንቅታት እዮም። ኣብ ከምዚ ወቕቲ ዕምባባታት ኣብ ዝበዝሕዎ ከባቢታት ንጥፈታት ካብ ምክያድ ምቑጣብ፣ መሳኸቲ ቤትካ ዓጺኻ ምጽናሕ፣ መጽረዪ ኣየር መሳርሒ ምጥቃም (air purifiers) ኣገዳሲ እዩ። ብትእዛዝ ሓኪም መስረት መከላኸሊ መድሃኒት ክትወስድ'ውን ይከኣል እዩ።

### መጥቃዕቲ ኣዝማ

ኣብ ግዜ ሓጋይ ዝርአ ዝሑል ኩነታት ኣየርን ብርቱዕ ንፋስን፣ ምስ ስርዓተ እስትንፋስ ምትእስሳር ዘለዎም ሓያሎ ሕማማት ክለዓዓሉ ይረኣዩ እዮም። ሕማም ኣዝማ ሓደ ካብኦም እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር፣ ሻርባ ወይ ማስክ ምውዳይ ኣገዳሲ እዩ። ጉንፋዕ ሓደ ካብቶም ንሕማም ኣዝማ ዘጋድዱ ሕማማት ብምዃኑ ብትእዛዝ ሓኪም ኣቓዲምካ ክታበት ጉንፋዕ ክትወስድ፣ ከምኡ'ውን ንምስትንፋስ ዝሕግዝ ስፕረይ (ብኻኽ) ክትጥቀም ኣገዳሲ እዩ።




### ወቕታዊ ቃዘና/ ጭንቀት

ኣብ ግዜ ሓጋይ መዓልቲ ሓጺሩ ለይቲ ክነውሕ እንከሎ፣ ገለ ሰባት ምስ ወቕቲ ዝርኢ ባህርያዊ ምዝንባዕ (seasonal affective disorder - SAD) ኪጋጥሞም ይረኣ እዩ። በዚ ድማ፣ ኣብ ኩነት-ኣእምሮኦም ዘይንቡር ተርእዮ ክፍጠር ይጅምር። ኣብ ግዳም ኳንካ ስራሕካ ብምዕያይ፣ ግቡእ ምውስዋስ ኣካላት ብምኽያድ፣ እኹል ዕረፍቲ እትረኽበሉ ምዱብ ሰዓታት ብምፍጣር፣ ነቲ ዝርአ ጸገም ምንእላዩ ከም ዝከኣል ኣይተዘንግዑ።

ምድራቕን ምፍሕኻውን ቆርበት ሰብነት

ክሊማ ምውኻቕ ጸሓይ ዛሕሊ ክመጽእ እንከሎ ቆርበት ሰብነት ክደርቕን ክጨማደድን እዩ ዝርአ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ብዝበዝሒ ፈሳሲ፣ ብፍላይ ማይ ብምውሳድ ካብ ድርቀት ክንከላኸል ይግባእ። ብውዑይ ማይ ሰብነትና ካብ ምሕጻብ'ውን ክንቁጠብ ኣለና። ቆርበት ሰብነትና ንምልስላስ ዝሕግዝ ቅብኣት ክንጥቀም ተመራጺ እዩ።

### ቃንዛ መላግቦ

ኣብ ባሮሜትራዊ ጸቕጢ (barometric pressure) ክምኡ'ውን ሙቐት ዝፍጠር ለውጢ ንሕማም መላግቦ ሰብነት የጋድዶ እዩ - ብፍላይ ኣብዮም ጸገም መላግቦ ዝጸንሖም ሰባት። ኣብ ንጡፍ ስራሕ ምጽናሕ፣ ከቢድ ጻዕሪ ዘሓትት ምውስዋስ ኣካላት ብምኽያድ፣ ብምውኻቕ ወይ ብዝሑል ኣገባብ ነቲ መላግቦ ምድራዕ፣ ነቲ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም ንምቅላሉ ይከኣል።

ባሮሜትራዊ ጸቕጢ፣ መዐቀኒ ጸቕጢ ኣየር ኣብ 'ኣትሞስፌር' እዩ።

### ወቕታዊ መርዘን

ናብ ጠሊ ምስጋር ከም ዝኣማስለ ምቅይያር ኩነታት ኣየር፣ ገለ ሰባት መርዘን የለዓዕሉም እዩ። እኹል ዕረፍቲን እኹል ድቃስን ምርካብ፣ ካብ ወጥሪ ወይ ጭንቀት ዘፈጥሩ ነገራት/ንጥፈታት ምርሓቕ ነቲ ጸገም ንምእላይ ይሕግዝ።

### ምውሳኽ ሓደጋታት ትራፊክ

ግመ ኣብ ዝዕብለሎ ኩነታት ኣየር፣ ኣብ ቀረባኻ ዝለዎ ነገር ክዕፍኣካ ስለ ዝርኢ፣ ልዑል ሙቐት ኣብ ዘለዎ ክሊማ፣ ድኻምን ምትኻስን ስለ ዘፈጥር፣ ኣብ ተሽከርከርቲ ብዝበዝሒ ሓደጋታት የጋጥም እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር፣ ግቡእ ጥንቃቐ ሓለዋ ድሕነት ትራፊክ ክንክተል ኣገዳሲ እዩ።

### ምስ ምቅይያር ኩነታት ኣየር ዝረኣዩ ምልክታት

- ምዕባስ ኣፍንጫ፣
- ጸረርታ ኣፍንጫ፣
- ምሕርሓር ጉረሮ፣
- ሱላ ዓይኒ፣
- ተደጋጋሚ ምንጣስ፣
- ተደጋጋሚ ምህንጣስ፣
- ሕማም ርእሲ ወዘተ እዮም።

### ጉንፋዕ ምስ ምቅይያር ክሊማ ጊዜ ዝርአ ሕማም

ጉንፋዕ ብፍላይ ኣብ ግዜ ዝሑል ኩነታት ኣየር ጊዜ እዩ ዝርአ። ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዝለዎም ሰባት ዝያዳ የጥቅዕ። ህጻናትን ሽማግለታትን ብዝበዝሒ ጉንፋዕ ዘጥቅዮም ኣካል ሕብረተሰብ እዮም። ብዐምጋም ሓደ መንእሰይ ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ጉንፋዕ ኪሓምም እንከሎ፣ ህጻናት ኣብ ዓመት ካብ 6 ክሳብ ሸሞንተ ሳዕ በቲ ሕማም ከም ዝልከፉ መጽናዕትታት የረድኣ።

ብጉንፋዕ ዝተለኽፈ ሰብ ካብ ክልተ መዓልታት ኣብ ዘይነውሕ ግዜ ምልክታት ናይቲ ሕማም ክርኢ ይጅምር። ገለ ካብቶም ምልክታት ምሰዓል፣ ምሕርሓርን ምቕሳልን ጉረሮ፣ ዘየቋርጽ ጸረርታ ኣፍንጫ፣ ተደጋጋሚ ምህንጣስ፣ ሕማም ርእሲ፣ ረስኒ ወዘተ እዮም። እቲ ጉዳይ ግቡእ ክንክን እንተ ጌይሩ፣ ኣብ ውሽጢ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ኩሉዊ ይኸእል። ገለ ምልክታት ግን፣ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ይቕጽል እዩ። ኣብ ገሊኦም ክሳብ ኒሞንያ ክምዕብል ይኽእል እዩ። እዚ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይረኽብ ክኸሰት ዝኽእል ሕማም ኮይኑ፣ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ጊዜ ይርአ።

### ጉንፋዕ ኣብ ህጻናት

- ጉንፋዕ ትሕቲ 6 ዓመት ዕድመ ንዘርከቡ ህጻናት ዝያዳ የጥቅዖም። ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ'ዚ እቲ ሕማም እናወሓደ እዩ ዝኸይድ።

- ጉንፋዕ ኣብ ግዜ ምቅይያር ክሊማ ኣብ ግዜ ሓጋይን ክረምትን ብዝበዝሒ ኣብ ህጻናት ይርአ። ኣብዚ እቶም ህጻናት ኣብ ኣኩዳድናኦም፣ ኣብ ኣመጋግባኦም ከምኡ'ውን ምስ ህጻናት ኣብ ዘለዎም ምቅርራብ ጥንቃቐታት ክግበሩ እዩ ዘምከር።

**ጉንፋዕ ዝመሓላለፈሉም መንገዲ፦**

**ብኣየር፦** በቲ ሕማም ዝተለኸፈ ሰብ ክህንጥስ ወይ ክስዕል እንከሎ፣ ገለ ካብቶም ቫይረስ ናብ ኣየር እዮም ዝሕወሱ። እቲ ጥዑይ ዝጸንሐ ህጻን ካብቲ ህዋ ኣየር ክስሕብ እንከሎ፣ እቲ ቫይረስ ናብ ውሽጡ ይኣቱ ማለት እዩ።

**ብቐጥታዊ ምትንኻፍ፦** እዚ ሓደ ህጻን በቲ ሕማም ንዝተለኽፈ ሰብ ብምትንካፍ ዝፍጠር ምትሕልላፍ እዩ። ጉንፋዕ ኣብ ህጻናት ብቐሊሉ እዩ ዝላባዕ፣ ምኽንያቱ ህጻናት ብዝበዝሒ ኣዒንቶም፣ ኣፎምን ኣፍንጫኦምን ተንከፍም ጸሓዎም ንኻልእ ሰብ ይኹን ኣቕሓ ብዝበዝሒ ናይ ምትንካፍ ባህሪ ስለ ዘለዎም። እዚ ድማ እቲ ቀንዲ መተሓላለፊ መንገዲ ሕማም ጉንፋዕ ኣብ ህጻናት እዩ። ጉንፋዕ ዘስዕብ ቫይረስ፣ ብዝተፈላለዩ ዓይነት መጻወቲ ቁልዑ ክመሓለልፍ ከም ዝኽእል ኣስተብህሉ!

ክሊማ ኣብ ምልባዕ ሕማም ጉንፋዕ

ገለ ካብቶም ጠንቂ ሰዓል ዝኾኑ ቫይረስ ወቕታውያን ኮይኖም ዝበዝሐ እዋን ቁርን ጠልን ኣብ ዘለዎ ኩነታት ኣየር ብዝበዝሒ ይህልወ። ካብን ናብን ወቕቲ ዝርአ ክሊማዊ ምቅይያር ሓደ ካብቲ ዘለዓለ ጠንቂ ሕማም ሰዓል/ጉንፋዕ ምዃኑ'ውን ክኢላታት ይሰማምዑ እዮም። ኣብ ክሊማዊ ምቅይያር፣ ብፍላይ ዛሕሊ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፣ ኣብ ስርዓተ እስትንፋስ ለውጢ ስለ ዝርኣ፣ ግብረ መልሲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከም ዝነድል ክኢላታት የመልክቱ። ጠሊ ኣብ ዘለዎ ክሊማ መጠን ዝርግሐን ምልባዕን ቫይረስ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ። ነቲ ሕማም ዘኸትሉ ቫይረስ ንነዊሕ ሰዓታት ክጸንሑ ይሕግዞም።

ዛሕሊ ጸሓሩ ሙቐት፣ ሙቐት ጸሓሩ ድማ ንፋስ ዝዕብለሎ ክሊማ ምስ ዝህሉ'ውን ሰዓል ብቐሊሉ ክላባዕ ይርአ እዩ። ኣብዚ ከምዚ ዝኣማስለ ወቕቲ ዝኽሰት ዓይነት ሰዓል 'ደረቕ' ኮይኑ ንምፍዋሱን ምክትታሉን ከሸግረና እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር ኣብ ኣኩዳድናናን ኣኩዳድና ህጻናት ደቕናን ብፍላይ ግቡእ ጥንቃቐን ምክትታልን ክንገብር ከም ዘለና እዮም ሓካይም ዝመኽሩ።

### ምስ ምቅይያር ክሊማ ካብ ዝመጽኡ ሕማማት ብኸመይ ንከላኸል?

- ግቡእ ክንክን ጽሬት ምሕላው፦ ኣእዳውና ቀጻሊ ክንሕጽብ ይግባእ። ሕማም ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ታህዋስያን ቀጻሊ ኣብ እንትንክፎም ነገራት ክሳብ 48 ሰዓታት ብህይወት ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም።

- **ኣቐዲምካ መከላኸሊ መድሃኒት ምውሳድ፦** ንኣብነት ጉዳይ ሕማም ኣዝማ ምስ እትኸውን፣ እቲ ምቅይያር ክሊማ ዝፈጥሮ ጽልዋታት ከየጥቅዓካ እንከሎ፣ መከላኸሊ መድሃኒት ምውሳድ ጥንቃቐታት ክትገብር ይግባእ።

- **ንጡፍ ምዃን፦** ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ሰብነትካ ከም ዘተርንዖ ኣይትዘንግዑ።

- **እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፦** ኣብ ግዜ ለይቲ እኹል ዕረፍቲ ዘይምርካብ ምስ ምቅይያር ክሊማ ብዝመጽኡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ክንጥቃዕ ንኽእል።

- **ዝተመጣጠነ መግቢ ምውሳድ፦** ኣብ ግዜ ምቅይያር ክሊማ ብቫይታሚ 'ሲ' ዝሃብተሙ መግብታት ምውሳድ ተመራጺ እዩ።

- **ኣብ ኣኩዳድና ግቡእ ቆላሕታ ምግባር፦** ኣኩዳድናና ምስ ዘሎ ኩነታት ኣየር ክመጣጠን ይግባእ። ዛሕሊ እንከሎ ክዳን ከርቓቕ የብልናን።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# ሓጺር ገምጋም መጽሓፍ ‘ውጽኢት መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ’

ሰረበ እስቲፋኖስ

ኣብዚ ቀረባ እዋን ተሓቲማ ናብ ኣንበብቲ ዝዘርገሐት መጽሓፍ፡ “ውጽኢት መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ”፡ ኣብ መንጎ በቲ ቋንቋ ዝጥዕሱን ዝመራመሩን ሰባት ናይ ዘተን ክትዕን መድረኽ ከፊታ’ያ። ዝተፈላለዩ ንጸባቑን ጉድለታታን ዘጸብርቕ ርእይቶታት ድማ ቐሪቡ። ንሎሚ፡ ኣብዚ ዓምዲዚ፡ መምህር ሰረበ እስቲፋኖስ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ትሕዝቶ ናይታ መጽሓፍ ኣተኩሩ ናይ ዘቕረቦ ጽሑፍ ቀዳማይ ክፋል ነቕርበልኩም፡ ካልኣይ ክፋሉ ኣብ ዝቕጽል ሕታምና ክቐርብ’ዩ። ኣብ ባህልን ስነጥበብን ሃገርናን ፍርያቱን ንዘለኩም ሃናጺ ርእይቶ ማዕጾና ክፉት’ዩ።

**ኣርእስቲ መጽሓፍ፦** “ውጽኢት መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ”

**ጸሓፊ፦** ፕሮፈሰር ዓንደማርያም ገብረሚካኤል

**ቤት ማሕተም፦** ቤት ማሕተም ኣትላስ

**ዓመተ-ሕትመት፦** 2024

እዛ መጽሓፍዚኣ ኣብ መወዳእታ ዓመት 2024 ናብ ኣንበብቲ በጺሓ። ኣብ ሸሞንተ ምዕራፋት ዝተመቓቐለ፡ ንግስ፡ ተወሳኺ ግስ፡ ስም፡ ክንደስም፡ ቅጽል፡ ማስተዋድድ፡ ማስተጻምርን ቃለ-ኣጋኖን ዝምልከት ኣገደስቲ ሃብታት ኣብ 379 ገጻት ሓቝፋ ኣላ።

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንዝሎ ሕጽረት መወከሲ ጽሑፋት እትምልስ ስለ ዝኾነት፡ ኣብ ከበሊ ኤርትራዊ ስነጽሑፍ ምጅንራ ንበበቲ ግቢ ብስራት’ዩ።

እዛ መጽሓፍዚኣ ወጽኢት ዓመታት ዝወሰደ መጽናዕቲ ምዃና ተገሊጹ ኣሎ። ሰለስተ፡ ኣኣርባዕተን ሓሓሙሽተን ዝፊደላቶም ክሳዕ 4,069 ዝኾኑ ቃላት ብምስናድን ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ዝፊደላቶም ቃላት ተመርኲሳ መጽናዕቲ ብምግባርን፡ ቃላት ትግርኛ ብቐንዱ ካብ ግሲ ዝምንጩዉ ምዃናም ዝሕብር ወጽኢት ከም ዝረኸበት ኣርእያ ኣላ።

እዛ መጽሓፍ፡ ንኡስ ሓደ ኣዝዩ ከቢድ ሓላፍነት ኣሰኪማ’ያ ተበጊሳ፡ ቀንዲ ዕላማኣ ነቲ ኣብ ትግርኛዊ ጽሑፍን ዘረባን ዝረአ ግጉይ ኣጠቓቕማ በቲ ክኸውን ዝዀነ ቅኑዕ ሸነኹ ንምእራም ምዃኑ ኣብ መቕድምን ኣብ ዝዩሓፍን ክፋላታ ገሊጻ ኣላ፡ ዚ ኣዝዩ በዓቢ ሓላፍነት ክትወጽእ እንተኾይና፡ ኣዝዩ ኣድካሚ ስራሕ ከም ዘድልያ ተገዚባ ትኸውን። እሞ ከመይ ገይራ ኣብ ስራሕ ዝርድኦ ሲሞጠዋኦ?

ናብ ዝርዝር ነጥብታተይ ቅድሚ ምእታወይ ግን ትሕዝቶ እዛ መጽሓፍ ዝዩዳ ኑዩም ኣብ ምርምር ቋንቋ ትግርኛ ዝገደሱ ተመራመርቲ’ምበር ነቲ ሓፋሽ ተጠቃሚ ግር ወይ ክብድ ክብሎ ከም ዝኽእል ምጥቃስ ኣድላዪ ይመስለኒ። ስለዚ፡ ርእይቶይ ብምጽር እዚ ዝበልኩዎ ሓሳብየ ክኸውን።

‘ውጽኢት መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ’ ካብቲ ቀንዲ ምንጪ ቃላት ቋንቋ ትግርኛ ግሲ’ዩ ዝብል መጐተኣ ተበጊሳ ሓደ ግሲ ካብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝፈቕዶ ማሰርሕ ህንጻተ-ቃል ከየንደልሃጸ ከመይ ገይሩ ነቲ ቋንቋ ዝምጥን ዝተፈላለዩ ኣዕማድ ዘለዉዎ ክፍልታት ዘረባ (እንተላይ ዘይተለምዱን ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣገልግሎት ዘይወዓሉን ኣጸሓሕፋታት ወይ ኣብዝሒታት፡ ንኣብነት ከም ስም ዝኣማስሉ) ምፍጣር ከም ዝከኣል ብኣብነታት ኣርእያ ኣላ። እዚ ኑቲ ሃብታም ዝኾነ ቋንቋና፡ ካብ ሕመረት ርብሕታታቱ ከይተኣለና፡ ንሃብታምነቱ ዝመጣጠን ቃላት ብምፍጣር ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ክንጥቀመሉ ከም እንኽእል ከተርኢ ብምብቃዓ እቲ ብሉጽ ጐድና እዩ።

ወሳኺ መብዝሕትኦም ዘይተለምዱ ብምዃናም ግር ዝበሉ እንተኾኑ፡ መሰረታዊ ኣቃውማ’ቲ ቋንቋ ከይሰሓቱ ስለ ዝቐረቡ፡ ኣብ ዘድልየና እዋን ክንጥቀመሎም ከም እንኽእል ኣንፈት ሂቦ ኣሎ - መብጽጽሕ፡ ብጽጽሐት፡ ብጽጽሓት፡ ብጽጽሕታ፡ ብጽጽሕተ፡ ወዘተ. እናበልና። ሕጂ እቲ ዝተርፍ ምርጫ ናይ ተጠቀምቲ’ዩ ዝኸውን። የግዳስ ቅድሚ ዝኣገረ ኑቲ ነጥቢ እዞም ዝተጠቐሱ ኣብዝሒታት ወይ ኣጸሓሕፋታት ክሳዕ ሕጂ ኣብቲ ቋንቋ ክንጥቀመሎም ከም ዘይጸናሕና፡ ግን ከኣ ንስርዓት ኣቃውማ’ቲ ቋንቋ ኣኽቢርም ዝቱዳለዉ ምዃናም ክሕበሮ ኒዩሩዎ። ንምንታይ እንተ ተባህሉ ‘እዋእ ኣብ ትግርኛዶ ከምዚ ንብል ኢና?’ ኢሉ ኣብ መዋጥር ከይኣቱን ንተኸእሎታት ተጠቃምነቶም ዕሽሽ ከይብሎምን።

ኣብ ምንዳይ ናይዞም ተዋሂቦም ዘለዉ ኣሽሓት ቃላት ዝተሓልፈ ሃልክን ግዜን ማዕረ ክንደይ ምንባሩ ምምዋት ኣየጸግሞን። ብዘይካዚ ኑዩም ሓዚሉየም ዘለዉ ማሰሬታ ዝኾኑ ፈጠራውነት ዝተንጸባረቐም ኣበታት ገለጽቲ ኮይናም ንኽቕርበ’ውን ቀሊል ዘይኮነ ወፍሪ ግዜን ሓንጎልን ከም ዝሓተቱዋ ምርዳእ ኣየሸግርን። ስለዚ ከሉ ጻዕርን ፈጠራውነትን ድማ እዛ መጽሓፍ ክትድነቕ ይግብኣ።

ቀጺለ ናብቲ ቀንዲ ማጠስ ዝኾነ ጉዳያት ክሰግር። ኣቐዲመ ከም ዝበልኩዎ እዛ መጽሓፍዚኣ ኑቲ ኣብ ዘረባን ጽሕፈትን ዝርአ ጉድለታት ክትእርም ከም ዘንቀደት፡ እዚ ድማ ከቢድ ጾር ከም ዝኾነ ገሊጸ ነይረ። እቲ ሕቶ’ምበር ኑቲ ዝበሎ ክትዕወር ክኢላዶ ዝብል’ዩ።

ነቲ ዝዘብሰቶሉ ከቢድ ሓላፍነት ክትዕምም ገና ከይተበገሰት ከሎ ክትሸገር’ያ ተራእያ። ሓደ ካብቲ ዝተሸገረትሉ ጉዳይ ንኣውዳድቓ ፊደላት (ስፐሊንግ) ዝምልከት እዩ። ኣብ መቕድም (ገጽ ‘መ’) እዛ መጽሓፍ ‘እዚ’ ክንዲ ምባል ‘ኣዚ’ ዝበል ግጉይ ኣውዳድቓ ፊደላት ተጻሒፉ ይረኽ። ኣብ ዝቕጽል ገጽ፡ ‘ረ’ን ‘ሰ’ን ድማ ብቕደም ተኸቲሉ ‘ጐረራዊ’/‘ጐሮራዊ’፡ ‘ከሉዉ’/ ‘ከለዉ’ ዝበሉ ኻሲ-ወከፎም ንሓደ ቃል ዝወክሉ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣውዳድቓ ፊደላት ተዋሂቦም ይረኣዩ። ኣብ ገጽ 162ን 163ን ድማ ‘ኢያም’/‘እያም’ ብዝበል ኣውዳድቓ ዝተጻሕፉ ቃላት ደርኽበ። ከምኡ ድማ ኣብ ገጽ 163 ‘ተወሳኹግሲ’/ተወሳኩግሲ’ ተባሂሎም ብዝተፈላለየ መገዲ ዝተጻሕፉ ቃላት ደርኽበ። ኣብ ገጽ 340 ጥራይ ‘ኣዚ’፡ ‘ኣምበር’፡ ‘ኣዩ’፡ ‘ዓርፍተ-ነገራት’፡ ‘ኣሰከ’፡ ‘ኢጃሙ’ ዝበሉ ግጉይ ኣጸሓሕፋ ዘለዎም ቃላት ቀሪቦም ኣለዉ። እዚ ከም ኣብነት ክኸዊ ኣለ ሕልፍ ሕልፍ ዝበሎ ዘለኹ ደኣ’ምበር ብምልኣት ዘቕርቦ ዘለኹ ኣይኮነን። ካልኦት’ውን ኣለዉ።

ብዘዕባ ኣውዳድቓ ፊደላት ቅድሚ ምውድኣይ ግን ሓንቲ ክትገለጽ ዘይብላ ጉዳይ ወስ ከብል። እዛ መጽሓፍ ኑዩም ጐራዳት ዝበሉ ፊደላት ዘለዉዎም ቃላት በዩም ዓሌት ‘ወ’ ዝኾኑ ፊደላት ክሰዓቡ ከም ዘለዎም መጕታ ኣብ ገለኡ ክትክተሎ እንከላ ኣብ ገለኡ ግን ክትርስዖ ትረኽ። ንኣብነት፡ ‘ኣቋውማ’፡ ‘ከውን’፡ ‘ንኸኹውን’ (ገጽ ‘መ’) ዝበሉ ቃላት፡ ‘ወ’ ዝበል ፊደል ደድሕሪቲ ጐራድ ፊደሎም ኣኸቲሎም ኣለዉ። የግዳስ ኣብ ‘የቑመን’ (ገጽ ‘መ’) ከምኡ ድማ ‘ንምኽንዋን’ (ገጽ ረ) ዝበሉ ቃላት፡ ፊደል ‘ወ’ ደድሕሪቶም ጐራዳት ከይሰዓበ ይረኽ። እቲ እዛ መጽሓፍ ዝሰዓበቶ ኣጸሓሕፋ ወጽእኣት ክህልዎ እንተ ኾይኑ፡ እቶም ቃላት ‘የቑውመን’ን ‘ንምኽውንዋን’ን ተባሂሎም ክጽሓፉ ኒዩሩዎም። ሕጂ’ውን እዚ’ኣዩም ከም ኣብነት ዘልዓልኩዎም ጥራሕ ምዃናም ምግንዛብ የድሊ።

ካልእ ነጥቢ ክውሰኽ፡ ብዋንደ-ርእሱ’ኸ እዩም ጐራዳት ብዓሌት ‘ወ’ ክሰዓቡ ነይሩዎም ድዩ? ጐራዳት ወላ ምሉእ ብምሉእ ኣይኹን’ምበር፡ ‘ወ’ ዝጥዕም ድምጺ ሓዚሎም ከም ዝኾኑ ንምርኣይ ተመራመርቲ ስነቋንቋ (ንኣብነት ተስፋይ ተወልደ፡ 2002) ‘ክው’ ‘ግው’ ‘ቅው’ ወዘተ. ገይሮም ክጽሕፍዎም ይረኣዩ እዮም። ስለዚ፡ ‘ኣቋውማ’፡ ‘ክኹውን’፡ ወዘተ. ዝበሉ ቃላት ዘድሊ ድምጺ ‘ወ’ ኣእትዮም ኣለዉ ማለት’ዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ‘ኣቅዋውማ’ን ‘ክኸወውን’ ዝበል ሰሚዒት ስለ ዘሕድሩ እዩ። ኑቲ ሸግር ንምቅላል ክንዲ ብጐራዳት ብሳድስ እንተ ዝጽሓፉዶ ኣይምሓሸን? እዛ መጽሓፍ’ውን ባዕላ ነዚ ሓቂ ዝተረድኣት ክትመስል ኣብ ገለ ጽሑፋታ ከም ዝሓሸ ኣማራጺ ወሲዳቶ ኣላ። ከም መርኣያ ‘ክዋን’ (ገጽ 30)፡ ‘ቅውዋም’ (ገጽ 59)፡ ‘ግውዋሕ’ (ገጽ 80) ዝበሉ ዓሌት ፊደል ‘ወ’ ዝሰዓቦም ብሳድስ ዝጀምሩ ቃላት ተጻሒፎም ንረኽቦም።

እቲ ካልኣይ እዛ መጽሓፍ ክትሽገረሉ ዝተራእየት ነጥቢ ኣብ ቅርጺ ሓረጋት ወይ ምሉእ ሓሳብ (ሲንታክስ) ቋንቋ ትግርኛ ዝርኣዩዎ ሃጓፍ እዩ። ገለ ካብቲ ዘቕረበቶ ኣጸሓሕፋ ሓደው ነቲ ወግዓዊ ዘይኮነ ኣዘራርባ ዝመስል ወይ ድማ ዘይተወደአ ሓሳብ ዝሓቑፈ ኮይኑ ይርከ። ዝበን ዝስዕባ ኣበታት ንርአ፤

‘መሰረታዊ ምኽንያት ምድላው ናይዚ ጽሑፍዚ እንተ ኣልዩ እቲ በበየዘሉ ብወረ-ማዕከናት ኩሉ ዝርርብ ኣብ መንጎ ሰባት፡ ከምኡ’ውን ብመጸሕፍቲ መልክዕ ተሰኒዶም ዝቐርቡ ቃላትን ጥምረ-ሓሳባትን መብዝሕትኦም ኣዘዮም ዝዝበዓትን ግጉያትን ብምዃኖም ኢዩ (መቕድም ገጽ ‘መ’)። ፈለማ እታ ‘ብወረ-ማዕከናት’ እትብል ሓረግ ትግርኛዊት ንኸትከውን ብ‘ማዕከናት ወረ’ ተቐዪራ ክትጸሓፍ ይግባእ ነይሩ። ካብዚ ሓሊፉ እታ ምልእቲ ሓሳብ ብኸምዚ ዝስዕብ እንተ ትጸሓፍ ዝያዳ ትግርኛዊት ምመሰለት፤ “እዚ ጽሑፍዚ ንምድላው መሰረታዊ ዝኾነ ምኽንያት፡ ካብቶም ብማዕከናት ወረ ዝቐርቡ ጽሑፋት፡ ብሰባት ዝግበሩ ዝርርባት ከምኡ’ውን ኣብ መጻሕፍቲ ዝሰፈሩ ቃላትን ጥምረ-ሓሳባትን መብዝሕትኦም ኣዘዮም ዝዝበዓትን ግጉያትን ብምዃኖም እዩ”። እዛ ዘቕረብኩዋ ኣብነት ሓንቲ ኣማራጺት እያ። ብኻልእ ቅኑዕ ዝኾነ ኣጸሓሕፋ ክትቀርብ ከም እትኽእል’ውን ርጉጽ’ዩ።

ብተወሳኺ፡ ቀጺሉ ኣብ ዘሎ ምልእቲ ሓሳብ ‘ቃላት፡ ከምኒ ቀ/ቈ ከሐ፡ ገ/ጐ ሓዘል፡ ቅድም-ተኸተል፡ ብ“ቀ”፡ “ኮ”፡ “ጎ” ተተኪኦም ክጽሓፉ ከም ቅቡል ተወሲዱ’ ዝበል ሓሳብ ንርኢ። በቲ ቅኑዕ መገዲ ድማ ‘ከምኒ ቀ/ቈ ከሐ፡ ገ/ጐ ሓዘል ዝኾኑ ቃላት፡ ብቕድም-ተኸተል፡ ብ“ቀ”፡ “ኮ”፡ “ጎ” ተተኪኦም ክጽሓፉ ከም ቅቡል ተወሲዱ’ ብዝበል ኣጸሓሕፋ ክትዕረ ትኽእል ነይራ። ካብዚ ገጽ ከይወጻእና፡ ኣብ ዝቕጽለት ሕጡበ-ጽሑፍ፡ ‘ትግርኛ ከም ቋንቋ ቃላቱ ኩሉ ስርዓተ-ፊደላቱን ኣዕምምጻኦምን ኣዘዮም ስሩዓትን ገለጻትን ኢያም’ ዝበል ኣጸሓሕፋ ንረክብ። ብዩል ቤት ናይዛ ምልእቲ ሓሳብ ‘ትግርኛ’ ዝበል ቃል እንተ ኾይኑ እታ ሓሳብ ‘ኢያም’ ብዝበል ግሲ ክትዛዘም ኣይትኽእልን እያ። ሓደው ‘ትግርኛ፡ ከም ቋንቋ፡ ብቓላቱ ኩሉ ስርዓተ-ፊደላቱን ኣዕምምጻኦምን ኣዝዩ ስሩዕን ገላጽን እዩ’፡ ሓደው ነቲ ኣብ መጀመርታ ዘሎ ‘ትግርኛ’ ዝበል ቃል ብምእላይ ‘ቃላት ትግርኛ ኩሉ ስርዓተ-ፊደላቶምን ኣዕምምጻኦምን ኣዘዮም ስሩዓትን ገለጻትን እዮም’ ኮይና ክትጽሓፍ ነይራዋ። ካልእ መዕረዪ መገዲ’ውን ኣይሰኣንን።

ካብዚ ሕጡበጽሑፍ ከይወጻእና፡ ካልእ ክትዕረ ዝዀነኣ ምልእቲ ሓሳብ ክድምሮ፤ ‘እዚ ሓቂ ዘረድኣና ከኣ ቋንቋ ትግርኛ ኣዝዩ ገዚፉ፡ ጥራይ ዘይኮነስ ኣቋውማ ፊደላቱ ንጹርን ዝተማልአን ብምዃኑ ኣብ ምምሃል ስነጽሑፍ ኩሉ ስነፍልጠት ወይ ሓገዳ ዓበይቲ ተራ ከም ዘለዎ ይእንፍተልና፡’ እዛ ምልእቲ ሓሳብ’ውን ከምተን ልዕል ኢለን ዝተዋህባ ኣበታት ነቲ ሰብ ኣብ ዘሩብ ቋንቋ ዝጥቀመሉ ኣገባብ’ምበር ነቲ ጽሑፋዊ ሸነኹ ኣይትመስልን። ‘ዘረድኣና’ ከምኡ’ውን ‘ይእንፍተልና’ ዝበሉ ቃላት ኣሰርቲ ወይ ቀንዲ ግሲታት ስለ ዝኾኑ ኣብዚ ሓሳብ ሓዲኦም ክተርፍ ነይሩዎም። ወይ ‘ዘረድኣና’ ንዝበል ቃል ብምእላይ፡ ‘እዚ ሓቂ ከኣ ቋንቋ ትግርኛ ኣዝዩ ገዚፉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣቋውማ ፊደላቱ ንጹርን ዝተማልአን ብምዃኑ ኣብ ምምሃል ስነ ጽሑፍ ኩሉ ስነፍልጠት ወይ ሓገዳ ዓበይቲ ተራ ከም ዘለዎ ይእንፍተልና’ ወይ ድማ ‘ይእንፍተልና’ ንዝበል ቃል ብምግዳፍ ‘እዚ ሓቂ ዘረድኣና ከኣ ቋንቋ ትግርኛ ኣዝዩ ገዚፉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣቋውማ ፊደላቱ ንጹርን ዝተማልአን ብምዃኑ ኣብ ምምሃል ስነ ጽሑፍ ኩሉ ስነፍልጠት ወይ ሓገዳ ዓበይቲ ተራ ከም ዘለዎ’ዩ፡’

ከምኡ ድማ ኣብ ገጽ ‘ሰ’ ቀዳመይቲ ሕጡበጽሑፍ ነዛ እትሰዕብ ምልእቲ ሓሳብ ንረክብ፤ ‘ንሶም እኹል ትሕዝቦቲ ብመምህር ኣብርሃ ግርማጼን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ “ኣልጀብራ” ይገብሩ’ሞ፡ ንመምህር ኣብርሃ “ንተማሮኻ ጸቡቕ ትምህርቲ ሂብካዮም፡ ግን ስለምንታይ ኣሃዛት ካብ ሓደ ወገን ናብ ካልእ ወገን ክምሓለፉ ከለዉ ምልክታቶም (+/-) ዝለዋወጡ ንተመሃሮኻ ኣረዲእካዮም”፡ ክብሉ ከለዉ ይዝከረኒ፡’ ፈለማ እቲ ክሳዕ ‘ይገብሩ’ሞ’ ዝበል ዘሎ ክፋል’ታ ምልእቲ ሓሳብ ንጹር ኣይኮነን። ካልኣይ፡ ‘ስለምንታይ’ ብዝበል ቃል ዝጀመረ ሓሳብ ብሕቶ ክዛዘም ዝግብኦ ‘ኣረዲእካዮም’ ብዝበል ግሲ ተወዲኡ ንረኽቦ። እዚ’ውን ንጹር ሰኺሊ ኣይህብን። ስለዚ ‘ንተማሮኻ’ ዝበል ድጋም ቃል ብምእላይ (ርዱእ ብምዃኑ) ነዘን ክልተ ክፋላት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣጸሓሕፋ (ወይ’ውን ብኻልእ ቅኑዕ ኣማራጺ) ምዕራየን ይከኣል ነይሩ፤ ‘ንሶም ኣብቲ ብመምህር ኣብርሃ ግርማጼን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ‘ኣልጀብራ’ እኹል ትሕዝቦቲ ይገብሩ’ሞ፡ ንመምህር ኣብርሃ ‘ንተማሮኻ ጸቡቕ ትምህርቲ ሂብካዮም። ግን ስለምንታይ ደኣ ኣሃዛት ካብ ሓደ ወገን ናብ ካልእ ወገን ክምሓለፉ ከለዉ፡ ምልክታቶም (+/-) ከም ዝለዋወጡ ዘየረዳእካዮም?’ ክብሉ ከለዉ ይዝከረኒ፡” ብሕቶ ክትዛዘም እንተ ዘይተደልዩ ድማ ‘. . . ስለምንታይ ምልክታቶም (+/-) ከም ዝለዋወጡ ከተረድኦም ነይሩካ”. . . ምባል’ውን ይከኣል ነይሩ’ዩ።

ናብ ካልእ ትሕዝበተይ ክሰግር፡ ብዙሓት ቃላት ትግርኛ ብፍሽስ ዝበለ መገዲ ዝድመጹ ወይ ማሰርሕ ምምጣጥ ግዜ (ጀሚኔሽን) ዘሎዶ (ብልሙድ ኣበሃህላ ዝጽቀጡ) ኮይናም ይንወሑ’ሞ ፍልልዩ ትርጉም የስዕቡ። ይኹን ደኣ’ምበር፡ ስነ ጽሕፈት ቋንቋ ትግርኛ፡ ነቲ ኣብ ወቕጦም ዝየድ ማሰርሕ ምድማጽ ዘጸብርቕ ኣጸሓሕፋ ኣይሓፈተን። ንኽልቲኦም ብሓደ ዓይነት ኣጸሓሕፋ’ዩ ዘውቅርም። ንጽጽር፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ’ውን ከምዚ ዓይነት ሃጓፍ ኣለዎ፡ ብመጽር እዚ ሃብዚ ከረኣ እኽሎ፡ “ውጽኢት መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ” ዝ ሓቂዚ ንምርኣይ ፈቲና ንረኽቡ። ኣብ ክንዲ ‘ቅዲ’ ከምኡ’ውን ‘ሓቂ’፡ ‘ሕጊ’ን ‘ሕቶ’ን ብቕደም ተኸተል፡ ‘ቅድዲ’ (ገጽ ‘ረ’)፡ ‘ሓቅቅን’፡ ‘ሕግግን’፡ ሕትቶ’ን (ገጽ 2) ብምጽሓፍ ነቲ ክኸውን ዝበሮ ኣጸሓሕፋ ኣቕሪባ ኣላ። ዘይተለምደ ብምዃኑ’ምበር እንተ ዝልመድ ነይሩ ብኸምዚ ዝቐረበ ኣማራጺታት ክጽሓፍ ሸግር ኣይምህሉዎምን። ነቲ ኣብ ግዜ ንባብ ዝርአ ወታእታእ ምባልን ተመላሲኻ ንሓደ ሓሳብ ምንባብ’ውን መወገዶ ነይሩ።

ይቕጽል . .



ሕብሪ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ካብ ዘይተማህረት ኣደ ዝተፈጥረ ኮኾብ ስነ-ፍልጠተኛ

ወላዲቱ ዕድል ትምህርቲ ኣይረኸበትን። እትፈልጦ ፍልጠት፡ ተጽዒራ ደቃ ኣብ ዝብጻሕ ከም ተብጽሕ'ዩ። ግን ብኸመይ ንዝብል ሕቶ መጽሓፍቲ ተወኪሳ ከይተንብብ ዓቕሚ የብላን። ኣብ ናይ ምሁራን ሰሚናር ተሳቲፋ ፍልጠት ከይትምእርር፡ ይትረፍ ንሰሚናር ድቃስ ትረኽበሉ ግዜ'ውን ኣይነበራን። ብዓልቤታ ንኽልተ ደቁ ራሕሪሑ ምሉእ ሓላፍነት ኣብኣ ከም ዝወድቕ ገይርዎ'ዩ። እዛ ወላዲት ምሉእ መዓልቲ ናይ ሃብታማት ስድራቤት ቤት ከተጽርይ ውዒላ፡ ኣማስያኡ ብድኻም ተሰኒፋ ንገዛኣ ትኣቱ። ንደቃ ትቈጻጸረሉን መኣዝን ተትሕዘሉን መንገዲ ሕርብት በላ። ብፍላይ ደቃ ተለቪዥን ክርእዩ ክጸንሕዋ ከለው፡ ንደቃ ምስቶም ደቂ ሃብታማት ኣወዳዲራ ሕርር ኩምትር ትብል። ድሕሪ ክንደይ ሓሳብ ሓደ መዓልቲ ናብ ሓደ መደምደምታ በጽሐት። ደቃ ግድን ኣብ ሰሙን ሓንቲ መጽሓፍ ከንብቡ። ዘንበብዎ መጽሓፍ ድማ ንኣደኦም ብመልክዕ ጸብጻብ ጽማቝ ዛንታ ናይታ መጽሓፍ ከንብቡላ ወሰነትሎም። ደቃ ካብ መዛንኦም ተፈልዮም ኪኖ ተለቪዥን ኣብ መጽሓፍቲ ክድፋኡ ኣይተዋሕጠሎምን። ትእዛዝ ኣደኦም ግን ዘይስግር ኮኖም። ትእዛዝ ኣደኦም ንምኽባር ተተሓሒዞም ናብ ቤት ንባብ ከዱ። መጽሓፍቲ ከመይ ገይርካ ይምረጽ እንዶ ዝብሃል ኣይነበሮምን። ኣብቲ ቤት ንባብ ዝጸንሓቶም ላይብረርያን፡ ጸገሞም ዝፈለጠት ክትመስል ቀርብ ኢላ መጽሓፍቲ መረጸትሎም። ነታ መጽሓፍ ንገዛ ወሲዶም ብኽንደይ ገድሊ ኣንበብዋ። ናብ ቤት ንባብ ምኻድ መጽሓፍ ሒዝካ ምምላስን ንኣደኻ ምንባብን ኣካል ስርሖም ኮነ። ቀስብቐስ ምስ መጽሓፍ ምንባብ ፍቕሪ ክሕዞም ጀመረ። ነቲ ዘይምለኽ ዝመስሎም ዝነበረ ምንባብ መጽሓፍቲ መሊኾም ኣብ ትምህርቶም ዕውታት ክኾኑ ድማ በቒዖም። ሓደ ካብ ደቃ ድማ ዓለም ካብ ዝርኣየቶም ቀዳማይ ተጠቃሲ ኣብ ዓውዲ ሕክምና ጸሊም ኣሜሪካዊ ክኸውን በቒዑ። እዛ ንደቃ ብመንገዲ ንባብ ዕውታትን ስሙያትን ክኾኑ ዘብቐዐት ኣደ፡ ኣደ እቲ ወሩይ ሓኪም ቤን ካርሰን እያ።

ቤን ካርሰን ምንባብ ከመይ ኢሉ ከም ዝመሰጦ ክገልጽ እንከሎ፡ "ፈለማ ኣደይ ኣንብቡ ምስ በለትና፡ ካብ ኣዕሩኽትና ንፍለ ዘለና ኾይኑ ስለ ዝተሰምዓና ኣዚና ጸሊእናዮ ነይርና። ገለ መጽሓፍቲ ኣብ ዘንበብክሉ ሰሙን፡ መምህር ናይ ሓንቲ ቃል ፊደል ክንዝርዝር ሕቶ ኣቕሪበልና፣ ዝምልሳ ኣይተረኽበን። ዋላ እቲ ናይ ክፍልና ንፉዕ ተመሃራይ ክምልሳ ኣይከኣለን። ብድሕር'ዚ ኣነ ኢደይ ሓፍ ኣበልኩ። መምህር ሓዊስካ ኹሉ ተመሃራይ ተገረመ። 'እዚ ድንዙዝ ቤን ከመይ ኢሉ ክምልሳ'ዩ?' ብምባል ዓይኒ ዓይነይ ጠመቱኒ። ፊደላታ በብሓደ እናዘርዘርኩ ምልእቲ ቃል ሰራሕኩ። መምህር 'ንፉዕ' በለ፡ ተመሃሮ ተገረሙ። ኣነ ድማ ጣዕሚ ንፉዕ ምባል ከስተማቕሮ በቒዐ። ምንባብ እንታይ ረብሓ ኣሎዎ ድማ ብግብሪ ተረዲኣ። ብድሕር'ዚ እቲ ብግዴታ ዝነበረ ምንባብ ብፍቕሪ ቀጸልክዎ። ብፍላይ እታ ብዛዕባ ኣኻውሕ እትገልጽ መጽሓፍ ፍሉይ ፍቕሪ ከም ዝሕዝ ገይራትኒ። ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድን ክምለስን ዝረኣኽዎ እምኒ እናልዓልኩ እዚ ከምዚ'ዩ እዚ ድማ ከምዚ'ዩ እብል ነበርኩ። ሓደ መዓልቲ ናይ ስነ-ፍልጠት መምህርና ሓንቲ ገዛፍ እምኒ ሒዙ ናብ ክፍሊ ኣተወ።



'እዚኣ እንታይ ትብሃል?' ክብል ሓተተና። ዝምልስ ኣይተረኽበን። ኣነ ግን ካብታ መጽሓፍ ዘንበብክዋ ተረዲኤኒ ስለ ዝነበረ ድሮ እንታይ ምዃና ፈሊጠ ነበርኩ። ኢደይ ሓፍ ኣቢለ ገለጽክዋ። መምህር 'ንፉዕ ቤን' በለኒ። ተመሃሮ ዝርእይዎ ዝነበሩ ምእማን ከበዶም። መምህርና ናይ ስነ-ፍልጠት ተሓጋጋዚኡ ክኸውን ዓደመኒ። እቲ ሕማቕ፡ ድንዙዝ ቤን ዝነበረ፡ እቲ ንፉዕ፡ ተሓጋጋዚ መምህር ብዝብል ተቐበሉኒ። ዝተፈላለየ ሕቶ ክህልዎም እንከሎ ድማ ንሓገዝ ክመጽኡኒ ጀመሩ።" ይብል።

ቤን ካርሰን ኣብታ ኣደኡ ንዝገበረትሉ ውዕለት ዝገልጸላን ዘመስግነላን መጽሓፉ ቲንኪንግ ቢግ፡ 8 ንዓወት ዘብቅዕዎ መትከላት ገሊጹ ይርከብ። እተን መትከላት፤

## 1. ተውህቦ

ብርግጽ ኩልና ዝተዓደልናዮ ተውህቦ ኣለና። ተውህብና ፍሒርና ምውጻእ ድማ ናትና ተራ'ዩ። ተውህቦና እንተ ኣለሊናን ብግቡእ እንተ ተጠቒምናሉን ከምኡ'ውን ነዚ ተውህቦና እነተግብረሉ ዓውዲ እንተ መሪጽና ኸኣ ኣብ በሪኽ መሳልል ምሕኳርና ዘይተርፍ'ዩ።

## 2. ቅንዕና

ብቕንዕና እንተ ተጓዒዝናን ዘለና ጸገማት ወይ ሕጽረታት እንተ ኣለሊናን ምስ ዓወት ካብ ምርኻብ ዝዓግተና የልቦን። ቅንዕና መገዲ ዕብየት'ያ። ብተንኮልን ምትላልን ዝረጋገጽ ዓወት የልቦን።

## 3. ዓሚቝ ኣስተብህሎ

ዓበይቲ ርኽበታትን ምህዞታትን ካብ ምስትብሃል'ዮም ዝብገሱ። ከቢድ ሕቶ ብምስትብሃል ይስገር። በዚ ኸኣ ብዓሚቝ እንተ ኣስተቢህልናን እንተ ኣንጸባሪቕናን ከምኡ'ውን ብዘለና ዓቕሚ ንብልጹነት ተወፊርና ዓወት ናትና ሕዛእቲ ንክኸውን ዝዓግቶ የለን።

## 4. ሕያውነት

ሰብ ማሕበራዊ እንስሳዩ ክብሃል ሰሚዕና ኣለና። ኣብዚ ናይ ሓባር ህይወትና ብሓባር ክነብር እንተ ኾይና ሓንቲ ኣማራጺ ጥራሕ'ያ ዘላትና፡ ሕያውነት። ንኻልኦት ደስ ዝብል ሕያውነት እንተ ኣንጸባሪቕና ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ'ዮም ዝህቡና። በዚ ኸኣ ሕድሕድና እናተደጋገፍና ብሉጽነት ንፈጥር።

## 5. ፍልጠት

ፍልጠት መፍትሕ ዓለም'ዩ። ዝተሓላለኸ ህይወት ናይዛ ዓለም ድማ ብፍልጠት'ዩ ዝስገር። እንወስዶ ወከፍ ስጉምቲ ንጽቡቕ ዕድላት ደቂሰብ ዘበርኽ ፍልጠት እንተ ኾይኑ ኣብ ገዛእ ርእስናን ዓለምን ለውጢ ክንፈጥር ኢና።

## 6. መጽሓፍቲ

መጽሓፍ ምንባብ ነቲ ድንዙዝ ሕማቕ ዝነበረ ቤን ካርሰን ቀይሩ፡ ቤን እቲ ስነ-ፍልጠተኛ ዝብል ክብሪ ክረክብ ዘኽኣለ'ዩ። ንነብስና ናብቶም ፍልጠትና ዘበርኹ መጽሓፍቲ ንምንባብ እንተ ወፊናያ፡ ኣብ ዓለም እንጉዓዞ ርሕቀት ብዘይካ ሓደ ፈጣሪ ኩቶ ዝዓግተና የለን።

## 7. ዓሚቝ ፍልጠት

ንሓደ ፍልጠት ብላዕሊ ላዕሉ ሒዝና ፈሊጥናዮ ክንብልን ክነረድእን ኣይንኽእልን ኢና። ኣልበርት ኣይነስታይ ንሓደ ነገር ብቐሊሉ ክትገልጾ እንተ ዘይክኢልካ ንዓኻ'ውን ኣይተረድኣካን ዘሎ ብምባል ገሊጹ ነይሩ። ናይዚ ኹሉ መፍትሒ ድማ ዕምቈት ዘሎዎ ፍልጠት'ዩ። ዕምቈት ዘሎዎ ፍልጠት እንተ ኣማዕቢልና ንኻልኦት ብሉጽ ኣበርክቶ ክንገብርን ዓለም ክንቕይርን ንበቅዕ ኢና።

## 8. ፈጣሪ

ፍርሃት ፈጣሪ ቀዳመይቲ ጥበብ'ያ። ስለዚ ድላይና ንፈጣሪ እንተ ኣፍሊጥና ንምርካቡ ክሕግዘና'ዩ።

***

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)
እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ - ዓላ

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ናይ ማኘጉስ ገረብ

ቀደም እዋን'ዩ፣ ሓንቲ ናይ ማንጉስ ገረብ ነበረት። ናብታ ገረብ እናመጽአ ክጻወት ዝፈቱ ሓደ ንእሽተይ ቈልዓ ድማ ነበረ። ናብታ ገረብ ይሓኵር፣ ማንጉስ ይበልዕ፣ ኣብቲ ጻላላ ኸኣ ቀም የብል ነበረ። ነታ ገረብ ኣመና ይፈትዋ፡ ንሳ ድማ ከምኡ ትፈትዎ ነበረት።

ዓመት ንዓመት ተኪኡ ግዜ ምስ ከደ፡ እቲ ቈልዓ ዓበየ'ሞ ምስታ ገረብ ምጽዋት ገደፎ። ሓደ መዓልቲ ናብታ ገረብ ገጹ ከደ። ኣብ ገጹ ሓዘን ምስ ኣንበበት፡ "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ።

"ደጊም ቈልዓ ኣይኮንኩን። ምስ ኣግራብ ኣይጻወትን እየ ሎሚ፡" በለ እቲ ቈልዓ፣ "ንዓይ ዘድልየኒ ባምቡላ'ዩ፣ ባምቡላ መግዝኢ ሰልዲ ጥራይ'ዩ ዘድልየኒ።"

"ይቕሬታ ግበረለይ ሰልዲ የብለይን። ግን ካብዚ ፍረታተይ ወሲድካ ክትሸጦ ትኽእል ኢኻ፣ ሽው ሰልዲ ይህልወካ፡" በለቶ እታ ገረብ። እቲ ቑልዓ ተሓጒሱ። ንኹሉ ኣብታ ገረብ ዝነበረ ማንጉስ ኣውሪዱ ወሲዱ'ሞ፡ ብእኡ ኣቢሉ ኣይተመልሰን። እታ ገረብ ድማ ሓዘነት።

ድሕሪ ግዜ፡ እቲ ቑልዓ ዓብዩ እኹል ሰብኣይ ኮይኑ ተመልሰ። እታ ገረብ ምስ ረኣየቶ ኸኣ ተሓጒሰት'ሞ፡ "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ።

"ይቕሬታ ንኽጻወት ግዜ የብለይን። ንስድራይ ከዐንግል ክሰርሕ ኣለኒ። ሰበይተይን ደቀይን ዘጽልሉ ገዛ የድልየኒ'ዩ፣ ታይ ክትሕግዘኒ ትኽእሊ?" ክብል ሓተታ።

"ኣይትሓዘለይ ገዛ የብለይን። ግን ካብዚ ጨናፍረይ ቈሪጽካ ገዛ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡" ምስ በለቶ ኣመና ተሓጒሱ። እናተሓጒሰ ጨናፍራ ቈሪጹ ሒዙዎ ከደ። ብእኡ ኣቢሉ ኣይተመልሰን እሞ እታ ገረብ ጸመዋን ሓዘነትን።

ሓደ ክረምቲ፡ እቲ ሰብኣይ ተመልሰ'ሞ እታ ገረብ ተሓጒሰት። "ንዓ'ሞ ብሓደ ንጻወት፡" በለቶ።

"እኣርግ ኣለኹ፣ ሕጉስ ከኣ የለኹን። ነብሰይ ንምርግጋእ ኣርሒቐ ክጅልብ የድልየኒ ኣሎ። ጃልባ ክትህብኒ ትኽእሊዶ?"

"ጃልባ የብለይን፡ ጒንደይ ቈሪጽካ ጃልባ ክትሰርሖ ትኽእል ኢኻ። በታ ጃልባ ጌርካ ኣብቲ ባሕሪ ከተንሳፍፍን ክትሕጎስን ትኽእል ኢኻ፡" በለቶ'ሞ እናተሓጒሰ ከምኡ ገበረ። ብእኡ ኣቢሉ ኸኣ ይተመልሰን፣ እታ ገረብ ከኣ ጒሃየትን ጸመዋን። ድሕሪ ዓመታት ከኣ ተመልሰ።

"የቕሬታ፡ ሕጂ ዘሎኒ የብለይን፣ ዝህበካ የብለይን። ማንጉስ ኣየፍርን ኣለኹ፡" በለቶ።

"ማንጉስ ዘግህጽ ስኒ የብለይን።"

"ከይትሓኾረኒ ጒንድንን ጨናፍርን የብለይን።"

"ኣሪገ'የ፡ ናይ ምሕኳር ዓቕሚ የብለይን።"

"እሞ ዝህበካ የብለይን፣ እቲ እንኮ ዘሎኒ ኣቲ ዝመውት ዘሎ ሱረይ ጥራይ እዩ።"

"ሕጂ ዘዕርፈሉ ቦታ ጥራይ'ዩ ዘድልየኒ፣ ድሕሪ'ዚ ኹሉ ዓመታት ደኺመ'የ፡" መለሰ እቲ ሸማግለ።

"ግርም! ነዚ ትብሎ ዘለኻ ሱር ናይ ኣረጊት ገረብ ዝመቸአ'ዩ። ኀቦ ኾን፡ ኣዕርፍ፡" በለቶ። ንሱ ኸኣ ኀቦ ኾነ'ሞ ፍሽኽ በለት።

Inspirationalstories.com

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “የፍቅረኒ ዶ ይኸውን?”



“ብፍቅሪ ዝጥምቶ ሰብ፡ ምሳይ እናተጓዕዘ ከም ዘፍቅረኒ ብኸመይ እፈልጥ? ፍቅሩ ከምዘወድአ ዝሕብሩ ምልክታትከ ኣየናት’የም?” ዝብሉ፡ ደቂ-ኣንስትዮ መልሲ ንምርካብ ወትሩ ካብ ዘጽዕሩሎም ሕቶታት እዮም። ምኽንያቱ፡ ካብ’ቲ ምስ ዘፍቅርካ ሰብ ፍቕሪ ክሕዞካን ምስኡ ክትጎዓዝን ዝኸብድ ስለዘየሎ። እቲ ሓቂ እዚ ከሎ ግና፡ ቀጽሪ ናይ’ተን ምስ ዘፍቅሩወን ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝምድና ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ብዙሕ እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምስ ዘፍቅሩወን እንተዘይኪኑ ምስ ዘፍቅሩወንን ኣብ ውልቃዊ ረብሓታቶም ጥራይ ምስ ዝገደሱን ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝምድና ክምስርታ የብለንን ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍጹም’ውን ክፍትና ኣይግባእን። “ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ” ከም ዝበሃል፡ ብመልሓሶም ልቢ ሰባት ዝሰልቡ ብልቦም ግና ፍቕሪ ዘይብሎም ደቂ-ተባዕትዮ ከምዘለዉ ተረዲእኪ ብኣጋኡ ክስተውዕላ ይግባእ።

ብመሰረት ክኢላታት ስነ-ልቦና፡ እዚም ዝስዕቡ፡ ሓንቲ ምስ ሓደ ወዲ-ተባዕታይ ዝምድና ንምምስራት ኣብ ጉዕዞ እትርከብ ጓለንስተይቲ፡ እቲ ምስኣ ዝጐዓዝ ዘሎ ወዲ ከምዘፍቅራን ከም ዘፍቅራን ንኽትፈልጥ ዝሕብሩዋ ሸዱሽተ ምልክታት’የም። እዚም ምልክታት እዚኣቶም ብመጽናዕቲ ዝተሰለዩ ኩይኖም፡ ብዙሓ ኣፍቃሪአን ስዒኡት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተሓቢኡወን ዘሎ ነገር ኣብ ምፍላጥ ክጥቀማሉ ክኢላታት ማሕበራዊ ዝምድናታት ዝገለጽዎ እዩ። ቀጺልና እምበኣር ናብ’ቶም ሸዱሽተ ምልክታት ሓሳዊ ኣፍቃሪ ከነብለኩም - ሰናይ ንባብ–

### 1. ብዛዕባኡ ዝኸውን ነገር ክትፈልጢ ዘይፈቱ ምስ ዝኸውን

ዘፍቅረኪ ወዲ ካብኺ ዝሓብኦ ነገር ክህልዎ ኣይግባእን። ብዝኾነ መስከቢ’ውን ተቐባልነት ክህልዎ ኣይክእልን። እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ እዚ ክሰወ እቲ ቀራቢኹ ዘለኺ ወዲ፡ ብልቡ ዘፍቅረኪ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብዛዕባኡ ዝኾነ ነገር ክትፈልጢ ፍጹም ድሌት የብሉን። ሕቶታት ምስ እትሓትዮ ብፍላይ ብዛዕባ ስድራቤቱ ዝምልከት፡ ሽለል ክብለን ጎስዩዎ ክሓልፍን እዩ ዝርአ። ብሕቶታት ምስ እተዋጥርዮ ድማ፡ ካብ ብዛዕባ ስድራቤቱ ዝቐረበ ሕቶ ክምልሰልኪ ብዛዕባ ጉዳይ ርእሱ ዝቐራረበ ሕቶታት ክምልስ እዩ ዝቐለ። ንዕኡ ሰማይ ዝሰቅል ቃላት እናምጻእኪ ከተሐጉሰዮን ክትገልጽዮን ድማ፡ እቲ ልዑል ተገዳስነት ኣሕዲሩ ካብኺ ዝጸበዮ እዩ። መሰረት ዕዉት ፍቕሪ ግን ኣብ ቅንዕና ዝተሰረተ ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ዓይነት ጠባይ ዘለዎ ዓርክኺ ሽለል ኢልካ ክሕለፍን ክተሓዝን ዘይብሉ እዩ። ስለዚ፡ ብፍቕሪ ዝቐርበኪ ወዲ ብዛዕባኡ ዝኸውን ነገር ክትፈልጢ ፍጹም ዘይፈቱ ምስ ዝኸውን፡ መጻኢ ሂወቱ ምሳኺ ንኽሕልፎ ዝኸውን ራእይ ይኸውን ድሌት ከምዘይብሉ ዘመልክት ስለ ዝኾነ፡ ምስ ከምዚ ዝበለ ባህሪ ዘለዎ ወዲ ዝምድና ክትምስርቲ ኣይትፈትኒ፡ ሰቕ ኢልኪ’ውን ግዜኺን ዕድልኪን ኣይተጥፍኢ።

### 2. ናብ ጾታዊ ርክብ ጥራይ ዝደፋፍእ ምስ ዝኸውን

ብፍቕሪ ዝቐርበኪ ወዲ ምሳኺ ጾታዊ ርክብ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ጥራይ ፍትወቱን ፍቕሩን ዘርኢን ዝገልጽን ምስ ዝኸውን፡ እዚ ሓቀኛ ኣፍቃሪ’ዩ ክበሃል ኣይክእልን’ዩ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ሓሳዊ ኣፍቃሪ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ድሌቱ ንኽረክብ ደኣ እዩ ፍቕሩን ፍትወቱን ዝገልጽ ዘሎ’ምበር፡ ናይ ብሓቂ ኣፍቂሩኽን ተገዲሱልክን ኣይኮነን። ጸቡቕ ገይርኪ ተዓዘብዮ፡ ድሌቱ ምስ ከላእክዮ ማለት፡ ምስኡ ጾታዊ ርክብ ከምዘይትፍጽሚ ምስ ሓበርክዮ፡ ቀልጢፉ እዩ ዝቑጣዕን ካብኺ ንኽፍለ ወይ ንኽሰይድ ምኽንያታት ዝድርድር። ስለዚ፡ “ገ እናበሉኻ ዶ ትጋገ” ከም ዝበሃል፡ የፍቅረኒ’ዩ ትብልዮ ወዲ ኣብ ጾታዊ ርክብ ጥራይ ዝገደሰልኪ ምስ ዝኸውን፡ እዚ ባህሪ ወይ ጠባይ እዚ ዝምድና ኣብ ምምስራት ተገዳስነት ከምዘይብሉ ዝሕብር ምልክት ምዃኑ ኣስተውዕሊ። ዓሻ ሰብ፡ ቅድሚ ዝምድና ክሃንጽ ምጅማሩ፡ ኣብ ጾታዊ ርክብ ከድህብ ከሎ፡ ለባም ሰብ ግን ቅድም’ዩ ዝምድና ንኽሃንጽ መሰረት ዘንጽፍን ዝምድና ዝምስረተሉ ሃዋህው ዝሸሳስን።

### 3. ርህራሀን ሓልዮትን ምስ ዘይህልዎ

ፍትወትን ርህራሀን ካብ ልቢ’የን ዝምንጭዋ። ምኽንያቱ መግለጺ ውሽጣዊ መንነት ሰብ ስለ ዝኾና። ኣብ ጸቡቕ ይኹን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ድማ፡ ብዘይገደብ ይንጸባረቓ። እንግሊዛውያን ክምስሉ፡ “እቲ ሓቀኛ ዝበሃል ዓርክኻ፡ ኣብ እዋን መከራኻ ኣለኹ ዝበለካ’ዩ” ይብሉ። ስለዚ፡ ብፍቕሪ ዝቐረበኪ ሰብ ጾታዊ ርክብ ኣብ ዘይደልየሉን ካብኺ ገለ ረብሓታት ክረክብ ኣብ ዘይቀሉን ግዜ ጥራይ፡ ናብኺ ዝቐርብ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ልዕለኺ ሓቀኛ ፍትወትን ርህራሀን ዘይብሉ ምዃኑ ፍለጢ። ከምኡ’ውን ዓይኒ ዓይኑ እናጠመትኪ ድሌትኪ ክትገልጽሉ ኣብ እትፍትንሉ እዋን፡ ኣዒንቱ ካብ ናብ እናኣዛረ’ዩ ከበሉ ዝጥምት። እዚ ከኣ መርኣያ ርህሩህ ዘይምኳኑ ዘመልክት እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሕማቕ መታን ከይትወድቒ ዝምድና ቅድሚ ምምስራትኪ ዝኣቶም ተጠንቂቕኪ ክተስተውዕልዮም ዘለኪ ምልክታት ናይ ዘፍቅረኪ ወዲ ተባዕታይ እዮም።

### 4. ምሳኺ ክርአ ዘይደሊ ምስ ዝኸውን

ምስ እተፍቅሮ ሰብ ምሉእ ግዜኻ ምስኡ ከተሕልፍ ኣይትጸልእን ኢኻ፡ ሓደ ንሓዋር ይኹኒ’ዩ ኢልኪ እትቐርብዮ ዘለኺ ወዲ ግን፡ ምሳኺ ክርአ ወይ ምስ መቕርቡ ክላልየኪ ዘይደሊ ምስ ዝኸውን፡ እዚ ከም ዘፍቅረኪ ዘረድእ ሓደ ምልክት ምዃኑ ተረድኢ። ስምዒት ፍቕሪ ዓብሊሉኪ ብዕሙት ዓይንኺ ምስኡ ኣይትኺዲ። ምኽንያቱ ዘፍቅረኪ ወዲ፡ ህዝቢ ኣብ ዝርከቦ ከባቢታት፡ ሐዘኪ ክዞር ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ክላልየኪ ድሌት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ካልእ ኣፍቃሪት ክትህልዎ እውን ትኽእል’ያ። ምሳኺ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት እንተ ተራእዩን ድማ ጉዱ ክቕላዕ እዩ። ስለዚ፡ እዚ ፍጹም ኣይወዕሎን’ዩ፡ ፈትዩ ጸሊኡ ድሌቱ ክሳብ ዝረክብ ተሓቢኡ ምሳኺ ክመላለስ ጥራይ’ዩ ዝደሊ። ምሳኺ ዝነብሮ ዘሎ ጉዕዞ ግዚያዊ እዩ፡ ካብኺ ንላዕሊ ዝፈትዋ ጓል ምስ ዝረኽበ’ውን ከይወዓለ-ከይሓደረ ናብኣ ክሰግር ሰገጥ ኣይክብልን’ዩ። ስለዚ፡ ፍቕራዊ ጉዕዞኹም ካልኦት ሰባት ክፈልጥዎ ስለ ዘለዎ፡ ኣፍቃሪኺ ግድን ኣብ ዝኾነ ቦታ ምሳኺ ክርአ ክደሊ ኣለዎ። እንተ ዘይኪኑይ፡ ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከም ዝበሃል፡ ልብኽን ስምዒትክን ከይተጎድኣ ብእዋኑ መፍትሒ ርኸብሉ።

### 5. ዘይፍጽሞ መብጽዓ ዝኣቱ ምስ ዝኸውን

ብፍቕሪ ምሳኺ ዝጎዓዝ ሰብ፡ ዘፍቅረኪ ምስ ዝኸውን፡ ካብኺ ዝረብሖ ነገር ስለዘለዎ፡ ኑታ ረብሓኡ ንምርካቡ ወትሩ ንዓኺ ንምሕጓስን መብጽዓ ካብ ምግባር ከምዘይዓርፍ እዩ ዝፍለጥ። ንዝኣተዎ መብጽዓ ትግባረ ዝበሃል የብሉን። “ከምዚ ክገብረልኪ’የ፣ ናብ’ዚ ቦታ’ዚ ክወስደኪ’የ፣ ከምዚ ክገብር እየ፡ ” ወዘተ ይብለኪ፡ ዘፍቀረ ልቢ ስለዘይብሉ ግን ክትግብሮ ኣይክእልን’ዩ። ምኽንያቱ ዝኣተዎ መብጽዓታት ክፍጽሞም ዓቕሚ የብሉን። ‘ንምንታይ’ዩ ዝኣተዎ መብጽዓታት ክፍጽም ዘይክኣለ’ ኢልኪ ግን ሕሰቢ። ኣብ መውዳእታ ከኣ፡ ባህሪያቱ ከምዘፍቅረኪ ዝሕብር ኩይኑ ክትረኽብዮ ኢኺ። እቲ ምንታይ፡ ዘፍቀረ ልቢ፡ መብጽዓኡ ከተግብር ኣይጸግሞን’ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዘይፍጽሞ መብጽዓ’ውን ኣይኣቱን እዩ። ስለዚ፡ ምስ ከምዚ ዓይነት ባህሪያት ዘለዎ ሰብ ዝምድና ንምምስራት ትጎዓዚ እንተደኣ ሃሊኺ፡ ምስ መን ትጎዓዚ ከምዘለኺ ሃዲእኪ ኣስተንትኒ።

### 6. ዘየኽብረኪ ምስ ዝኸውን

ዘፍቀረ ልቢ፡ ነቲ ዘፍቀሮ ልዕሊ ኑብሱ ክርእዮን ከኽብሮን ግድን እዩ። ካብ ዘፍቀረ ልቢ ኣኽብሮት ምጽባይ ግን፡ ነገሩ “ካብ ጸባ ዘይተረኽበስ ካብ ማይ ጸብ’ዩ ክኸውን። ስለዚ፡ ዘየኽብረኪ እንተደኣ ኩይኑ፡ ከምዘፍቅረኪ ፍለጢ። እዚ ምስክር ኣይትድለዩሉ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ኣብ ክንዲ ምሳኺ፡ ምስ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ልቡ ኣውዲቑ ክስሕቐን ክዘናጋዕን (ክኳሸም) እዩ ዝርአ። ንዓኺ ግን ኣብ ቅድሚ ካልኦት ከዋርደክን ከም’ዛ ዘይትጠቕሚ ክርእየክን ጣጣ የብሉን። ስለዚ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ይኹን ኣብ በይንኺ ከምዚ ክገብር ከሎ፡ ከምዘፍቅረኪ’ዩ ዝሕብረኪ። ዘሎ’ሞ፡ ምስ ከምዚ ዓይነት ባህሪያት ዘለዎ ሰብ ምጉዓዝ መውዳእታኡ ክስራን ደኣ’ምበር ረብሓ ስለ ዘይብሉ፡ ብኣጋኡ ክትሓስቡሉ ክኢላታት ማሕበራዊ ዝምድናታት ይመኽሩ።

## ረብሓ ፈኩስ ንጥፈታት ስፖርት ንቖልዑ!

ቖልዑ፡ ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ኣብ ስፖርታዊ ሂወት ከምዝኣትዉ ምግባር ኣብ ኩሉ ምዕባለኦም ጸቡቕን ሓጋዝን ምዃኑ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ዘሎ ሓቂ እዩ። ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠትን ስነ-ልቦናን’ውን እዚ ሓቂ እዚ ወለዲ ብዘይጉዕኦ መታን ክፈልጥዎን ከተግብርዎን፡ ብቐጻሊ ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ ኩይኑ ኣሎ።

ቖልዑ ኣብ ስፖርት ክሳተፉ እንተደኣ ኮይኖም፡ መጀመርያ ወለዶም’ዮም ክበግስዎም ዘለዎም። ብዘይ ናይ ወለዲ ደገፍን ምትብባዕን ተሳታፍነቶም ኣድማዒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ እቲ ጾር፡ ጾር ወለዲ ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ’ዩ። ወጻኢታዊ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ክልመድ ዝኽእል ቅድም ቀዳድም ግዜ ፈሊኻ ምስ ዝትግበር’ዩ። ስለዚ፡ ወለዲ፡ ኑታ ስድራቤትን ኑዮም ቖልዑን ዝም’ችእ ግዜ ፈልዮም ፈኩሳት ስፖርታዊ ምንቅስቓሳት ከም ዘዘውትሩ ክገብሩ ኣለዎም። እንተተኻኢሉ’ውን ወለዲ ባዕሎም ኣብ’ቲ ምንቅስቓሳት ምስ ዝጻምሩ ዝያዳ ወጻኢታዊ ይኸውን። እንተዘይኪኑይ ምስ መሓዙቶም ክጻወቱ ክተባብዑ ኣለዎም። ቖልዑ ኣብ መዓልቲ እንተውሓደ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክሳተፉ ከምዘለዎም ክኢላታት ይገልጹ። ከም’ቲ ኣዊሕ ጉዕዞ ብሓንቲ ስጉምቲ ይጅመር’ ዝበሃል፡ ኩሉ ኣካላት ዘሃንጽ ንጥፈታት፡ ብውሑድ ዓቐን ወይ ንእሽቶ ደረጃ’ዩ ክጅመር ዘለዎ። ገለ ካብቲ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ኑየም ቖልዑ ሐጊዙካ ብእግሪ ምጉዓዝ ወይ’ውን ኣብ ቀጽሪ ቤትካ ብምዃን ምስኦም ምጽዋት ክኸውን ይኽእል። እቲ ዝዓበየ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ በቲ እትፈልጦ ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ።

ንኣብነት፡ ብሽክለታ ብምዝዋር፡ ብምስዕሳዕ (ኤሮቢክስ) ወይ ብምዝላል፡ ከዕሶ ብምሽንዳው፡ ጉያ፡ ሃኪቲ ወዘተ ክኸውን ይኽእል። እንተተኻኢሉ ከኣ፡ ንጥፈታት ኣካላዊ ብቕዓት (ስፖርት) ሓዚሉ ፈልዮ ምጥቃም፡ ኣቦ’ቶም ቖልዑ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዘሕድር፡ ምዝውታርም ጸቡቕ’ዩ። በዚ ኩሉ በቲ ግን ኩሉ ናይ ወለዲ ጻዕሪ ኣቦ’ቶም ቖልዑ ብኸመይ ስፖርታዊ ባህሪ ሐዞም ከምዝዓብዩ ንምግባር ስለዝኾነ፡ እዚ ክሕግዞ ዝኽእል ንጥፈታት ምጥቃም ኣየጸላእን።

ጥቕሚ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ቖልዑ–

- ሓያልን ጥዑይን ኣካላት ክውንኑ የኽእሎም።
- ሓጎስ ፈጢሩ፡ ፍሱህ ሂወት ከምዝህልዎም ይገብር።
- ካብ ጸቕጢ ተገላጊሎም ናጻ ዝኾነ ኣእምሮ ሒዞም ክዓብዩ ይሕግዞም።
- ስነምግባራውያን ወይ ዲሲፕሊናውያን ክኾኑ ይሕግዞም።
- ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ሂወቶም ብንቕሓት ንኽጥዕሱን ኣብ ትምህርቶም ዕዉታት ክኾኑን የኽእሎም።

ጥቕሚ ስፖርት ኣብ ቖልዑ መወዳእታ የብሉን፤ ምዝውታሩ ጥራይ’ዩ ዝደሊ። ወለዲ እዚ ተረዲኦም፡ ንደቆም ኣብ ስፖርት ከም ዝሳተፉ ገይሮም ክዕብይዎም ይግባእ። ‘ደቅና ንስፖርታዊ ምንቅስቓስ ምስ ዓቡ የርክብሉ እዮም” ክይብሉ፡ ካብ ንእስነቶም ክጅምሩሎም ኣለዎም። ወጻኢቱ ኣብ ውሑድ ዕድመ ናይ ደቆም ክርእይዎ እዮም።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ኮሜዲ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨርሖ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሉሰ ስፖርት |
| 14:15 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:35 | ምወርራስ 3ይ |
| 19:25 | ሃሎ ቖልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሓየሎም ኣብራሃም፡ ኣቦይ ኣብራሃም ኪዳነ ስለዝዋረፊ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ለተዝጊ ወልደሃኣሰ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወሉ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምለሰት መንግስቱ ክፍለእየሱስ፡ ብወኪል ኣቶ ኬነዲ ሃብተማርያም ሚካኤል ኣቢሉ፡ ሓወና ቴድሮስ መንግስቱ ክፍለእየሱስ ደቑ ስለዘይብልና፡ ጥፉእ ተባሂሉ እውን ስለዝተወሰነልና፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ስምኦን ኤፍሬም መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ምብራቕ ቀለታ ምባል ተሪፉ፡ ምብራቕ ኣብነበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንነ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፍ/ስዩም ኣለማዮ ፍ/ጌታሁን ስዩም ወንድምነህ ጌታሁን ስዩም ወኪል ኣብድ ሕድሪት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ስዩም ኣለማዮ፡ ቁ.3.1 ኣቶ ኤርምያስ ቀለታ በራኺ፡ ንጸር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ኣቶ ጴጥሮስ ቀለታ መሸሻ፡ ወላዲና ፍ/ቀለታ መሸሻ ጉብረስላሴ ኣብ ቅድሚ ረጀስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪቡ፡ ንዓይ ምስ 6 ኣሕዋተይ 1.ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/ 07 ጎደና ኣንደንት ስፍሓት መሬት 900 ት/ሜ ኣብዪቲ ዋንነት ቁ.1003300 መ/ቁ 116035 2. ኣብ ኣስመራ ከበቢ ቲራቮሎ ሎታ ቁ 64 ኣብ 2000.10 ት/ሜ ዝተደኮነ ቁ/መ 20104 ሓፈሻዊ ቁ/27156 ቁ/መ 1457 ቁ/ፋይል 1166፡ 3. ኣብ ኣስመራ ቲራቮሎ ሎታ 90 ዞን A/BIS ዝርከብ፡ ኣብ 2.126.25 ት/ሜ ዝተደኮነ 4. ኣብ ንግዳዊ ባ.ኢ. ሰማእታት ቁሕሳብ 19392 ብናይ ናቕፋ ዝተጠራቐመ፡ ኣብ ባንክ ንግድን ኣብዪትን ባሕቲ ማስከረም ቁ/ሕሳብ 0077-3 ናይ ወጻኢ ባጤራ (ዶላር) ዝኾነ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብቲ ወላዲና ፍ/ቀለታ መሸሻ ጉብረስላሴ ብለበዋ ዝዘበና ይጽደቐልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ክብርኣብ ፍስሃ፡ ወኪል ኣቶ የማነ ክብርኣብ ፍስሃ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተማሰገነ ዓንደሚካኤል ሞላዘጊ፡ ግደይ ኣንገሶም ስለዝዋረፈት፡ ተጸዋዒ ደቑ ስለዘይብልና፡ ት/ዕድመ ወደም ናኣድ ተማሰገነ ዓንደሚካኤል ምሳይ ይጻቢ ስለዝበለ፡ ሞግዚቱ ክኸዉም ከውሰነለይ ስለ ዝበለት፣ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣልማዝ በየን ሃይለሚካኤል፡ ኣደይ ኣበበ ተኽለማርያም ሃብተ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ ኣብርሃም ኣውዓለም፡ ብዓል ቤተይ ዳኛው ጉብረገርግሽ ባሁታ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሲያስ ፍስሃዮ ዑቕባጋብር፡ ኣቦይ ፍስሃዮ ዑቕባጋብር ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተብርሃን ጉብረመስቀል ጉብረገያርጊስ፡ ብዓል ቤተይ መም/ በረኸት የውሃንስ ወልደሃዋርያት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ እዝየኣምን ተስፋጽዮን ኪዳነ፡ ኣደይ ምላሹ ዞሚካኤል ተኽለሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ወልዳይ ግርማይ ሳሙኤል፡ ኣቦይ ግርማይ ሳሙኤል ዘነ ስለዝዋረፈ፡ ንወላዲተይ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ይትባረክ የውሃንስ ኣርኣያ፡ ኣቦይ የውሃንስ ኣርኣያ ከተማ ስለዝዋረፈ፡ ንኣዴና ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስመረት ተወልደብርሃን ክፍሉ፡ ወላዲተይ መኣዛ ሃብተሚካኤል ወልደፍለጸስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ተተካእቲ ደቂ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሚኪኤል ሰለሙን ቀለታ፡ ወለድና ሰለሙን ቀለታ ኣዲግን ለተሚካኤል ኣቦይ ተኽለሚካኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የርዳኖስ ኣብርሃ በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ኣብርሃ ጉብረማርያም ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሰፋው ኣስመሮም ጉብረእዝጊ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣኽበረት ባህልቢ ኣድሓኖም ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወደና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ንግስቲ ኢያሱ ዞርያስ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ወልደጉብረኣል ትኩእ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጸገረዳ ሃብተስላሴ ሃብተኣብ ምባል ተሪፉ፡ ዊንታ ሃብተስላሴ ሃብተኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳናይት ሃብቶም ወልደእንድርያስ ምባል ተሪፉ፡ ያት ሃብተኣብ ወልደእንድርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ፍረወይኒ ምሕረትኣብ የማነ ምባል ተሪፉ፡ ሚካል ምሕረትኣብ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ንርኣዮ ዘርኡ ኣባይ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣስገዶም ዘረፋ ቢተወልደ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ዳናይት ዓብለሎም ምባል ተሪፉ፡ ለርይ ዓብለሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ኪዳነ ኣብርሃም፡ ወደይ ሳሙኤል ገ/እግዚኣብሔር ገ/ኪዳን ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ ሰወእ ኣቡኡ ገ/እግዚኣብሔር ገ/ኪዳን ወረስቲ ምዃንና፡ ብዓልቲ ቤቱ ልዋም ወልደሂወት ገ/ስላሴ ደማ ናይ መጸምዲ ማሰላ ክሕለወላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣልማርሐሞ ዑመር መሓመድ ስሌማን ስለዝዋረፊ፡ ንሕና 3 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ብርሃም ሰለሙን ተስፋጋብር ምባል ተሪፉ፡ ብርሃም ተስፋጋብር ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣብ መንነ ኣመልካቲ ስዩም ደበሳይ ዓሰራ፡ ተጸዋዕቲ 1.ወረ/ፍ/ሄር ጉብረሚካኤል ዕመር ጀርን ፍ/ሄር ክብራ ተማኑን 2.ወረ/ፍ/ሄር ብስራት ጉብረሚካኤል ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጡ።

ወ/ሮ ኣበባ ካሕሳይ፡ ኣደይ ሃይማኖት ተወልደብርሃን ወልደየውሃንስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልማዝ ደበሳይ ኣሰፍሃ፡ ስም ኣደይ ክብራ ማደቦቶት ጨዓይ ምባል ተሪፉ፡ ክብራ ማደቦቶት ሓጃይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሓዳስ ኣሰፋው ይሕደጉ ሓትነይ ብርሽ ወልዱ ጉብረእዝግኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብላ፡ ወለዳውን መውትቲ ስለዘኾኑ፡ ንሕና ደቂ ሓፍታ 5 ኣሕዋት ካብ ነ/ሄር ስላስ ወልዱ ንውለድ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ዳናይት ዘሙይ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ደናይት ዘሙይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ መሕመድ ሕሴን ማሕሙድ፡ተጸዋዒ ኣቶ ኣደም ሓመድ ኣደም ካብ ተጸዋዒ ሎሪ በድፍርድ ዝዓይነታ መኪና ቁ.ታርጋ ER-3-16871 ቁ.ሞተር 16399471ቁ/ቻሲ 70602554 ስርሓት ሞዴል 1776 ዝኾነ ብዋጋ 100,0000 ሽሕ ናቕፋ ዓዲገያ ናብ ስመይ ከየመሓላለፈለይ ስለዝተሰወረ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ወይኒሓረግ መሓሪ ስምረት፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣሊክሳንደር ብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን17/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ለተንገስ ጉብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ተጋዳላይ ተስፋማርያም ጉብረስላሴ ኣድሓኖም ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## ምልክታ ጨረታ

ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ንዓመተ 2025 ናይ ጽሬትን ክንክን ኣታኽልትን ኣገልግሎት ክቕርቡ ንዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፦

* ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን።
* ናይ 2023 ግብሪ ዝጸረየ።
* ተጫረትቲ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።
* መኽበሪ ጨረታ 20,000.00 ሽሕ ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ CPO የትሕዙ።
* ስፍሓት ዝጸሪ ቦታን ክንክን ዝግበረሎም ኣትክልትን ብኣካል ብምምጻእ ምርኣይ ተመሪጺ ይኸውን።
* ጨረታ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ፡ ንዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ሳንዱቕ ጨረታ፡ ጸባሕ እቲ ጨረታ ዝተዓጽወሉ ዕለት ልክዕ 10:30 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
* ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ሓምሳ ናቕፋ (50.00) ብምኽፋል ካብ ቤት ጽሕፈት ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ክውሰድ ይከኣል።
* ተጫረትቲ ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙ ወይ ዘይምልከቶም ክኾኑ ይግባእ።
* ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

*ንዝያዳ ሓበሬታ ተሌ. 202360 ተወከሱ።

ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09)

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል፡ ውድድር ኣትለቲክስ ኣብያተ ትምህርቲ ተኻይዱ

ኣብ መንጎ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብኽልተኡ ጾታ ውድድር ኣትሌቲክስ (ፊልድ ኢቨንትስ) ዳርባ ዓረር፡ ዳርባ ጭማራ ከምኡ'ውን ዲስከስ ኣብ ሜዳ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ተኻይዱ።

እዚ ብቁጽሚ ዝተሰላሰለ ናይ ማእከላይ ደረጃ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ሸውዓተ ናይ ንኡሳን ዞባታት ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ተኻይዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳርባ ዓረር ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍትሓዊት ዓንደማርያም ቤት ትምህርቲ ቋሾት ቀዳመይቲ ወጺኣ፡ ራእይ ጉብረሂወት ካብ ኣዱሊስ፡ ባትሴባ ገርጃ ካብ ቤት ትምህርቲ ናጽነት ድሕረኣ ተሰሪዐን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣልኣሚን ሰዒድ ቤት ትምህርቲ ፍትሐ፡ ላሚክ ጉብሩ ካብ ቤት ትምህርቲ ቋሾት ጸዕዳ እምባ፡ ሰናይ የውሃንስ - ኣዱሊስ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ኣብ ዳርባ ጭማር ደቂ ኣንስትዮ፡ ርሻ ተኽልዝጊ - ደቐሰብ፡ ኢልሃም ጀማል - ኣዱሊስ፡ ተበርህ ዓንደም ደቐሰብ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሄኖክ ከሰተ - ዋርሳይ፡ የናታን ዓንደም - ሓድነት፡ ዓብደልዓዚዝ ኣልኣሚን - ድርፎ ተዓዊቶም።

ኣብ ዳርባ ዲስከስ ኢልሃም ዳኒኤል ካብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ንፋፍታሌም መብራህቱ - ባና ደሊና መብራህቱ - ሓድነት ኣኽቲላ ቀዳመይቲ ወጺኣ፡ ዩኤል ዳኒኤል ካብ ዋርሳይ ከኣ ንጆውሃንስ ካሕሳይ ቤ/ትምህርቲ ሕምብርቲ፡ ሰናይ የውሃንስ - ኣዱሊስ በለጹ ተዓዊቱ።

ብሰንበት ቤት ትምህርትታት ካልኣይ ደረጃ እየን ተወዳዲረን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳርባ ዓረር ሚላት ብርሃ ካብ ሰማእታት ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከሎ፡ ሌላ ኣብርሃም - ሓርነት፡ ፈሩዝ ተስፋይ ካብ ቤት ትምህርቲ ርእሲ ዓዲ ድሕሪኣ ተሰሪዐን። መርሃዊ ሰመረ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰምበል ደሚ፡ ንናኣድ ኣሚን - ኢሳቕ ተወልደመድህን ከምኡ'ውን ሻሎም ሓጎስ ካብ ሰምበል ኣኽቲሉ ተዓዊቱ።

ኣብ ዳርባ ጭማሪ፡ ተመሃሪት ሰማእታት ሚላት ብርሃ እያ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ፊቨን ጉብረትንሳኤ - ሱሓርቲ፡ ኢልሻን ሃብተም - ሓለይ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺአን። ቃልኣብ ሃብተም ካብ ጸዕዳ ክርስትያን፡ ኣሮን ኣብርሃም - ሰማእታት ከምኡ'ውን ኣማን ማእከለ - ኢብራሂም ሱልጣን ደማ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ዳርባ ዲስከስ፡ ምሲጋና ኢያቡ - ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ሰሊና ግርማይ - ርእሲ ዓዲ፡ የርካቤል ምሕረትኣብ - ኣስመራ ሓፈሻዊ ተዓዊተን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሄኖክ ሰለሙን - ቀይሕ ባሕሪ፡ ጳውሎስ ተስፋኣለም - ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ማዕበል ዘርኣሃይማኖት - ቶቦር ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምኻን ኣብ መድረኽ ደይቦም። ዕወታት ናይ መዳልያታትን ዕጥቂን ሽልማት ከምዝተቐበሉ፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ናይ'ቲ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።



## ዳዊት፡ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ኣመሓይሹ




ምስ ሆካ ዝተባህለ ትካል መፍረ ናይ ጉያ ጫማ ሓዲሽ ስምምዕ ዝኣተወ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዳዊት ሰዓረ

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዳዊት ሰዓረ፡ ሰንበት ኣብ እስጳኛ ከተማ ቫለንሽያ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትር ውድድር ብምስታፉ፡ ብኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ተታሒዙ ዝነበረ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ናይ'ዚ ርሕቀት ኣመሓይሹ።

ዳዊት፡ ዚ ናይ ጽርግያ ውድድር ብ27 ደቒቕን 21 ካልኢትን ብምዝዛም፡ ታሽዓይ ደረጃ ሒዙ። ነዚ ውድድር፡ ሽወደናዊ ኣንድረስ ኣልምግረን እዩ - ብ26 ደቒቕን 53 ካልኢትን ተዓዊቱሉ።

ኣብ ታሪኽ ኣትሌቲክስ ሃገርና ስሙ ብፍዩምትት ዝጽዋዕ እንኮ መዳልያ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዘምጽአ ዘርእሰናይ፡ ነዚ ክብረ-ወሰን ካብ 20 ግንቦት 2007 ጀሚሩ እዩ ሒዝዎ ጸኒሑ። ዘርእሰናይ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከተማ ማንቸስተር ንዝተሰላሰለ ናይ ጽርግያ ውድድር ብ27 ደቒቕን 24 ካልኢትን ብምዝዛም እዩ ንልዕሊ 17 ዓመታት ናይ ብሕቱ ክብረ-ወሰን ገዲርዎ ጸኒሑ።

ሓደ ካብ ትስፉዎት ኣትሌታት ኤርትራ ዝኾነ ወዲ 20 ዓመት ዳዊት ግን፡ ብቐድሚ ትማሊ ብሰለስተ ካልኢት ብምምሓያሹ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ።

ኣብል ክሉብ ፍረ ጻዕሪ ኣትሌት ዳዊት፡ ኣብ ቀዳማይ ሱታፊኡ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024፡ ኣብ ናይ 5 ሽሕ ሜትር ካብ መጸረዪ ሓሊፉ፡ ኣብ መዛዘሚ መበል 19 ምኻታዉ ይዝከር።




ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ

## ባርሴሎና፡ ኣብ ልዕሊ ማድሪድ ሳዕሲዓ




ባርሴሎና፡ ሰንበት ምሸት ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዕወታት ዕውትቲ እስጳኛ (ሱፐር ኮፓ እስጳኛ) ንቐንዲ መተሃላለኽታ ሪያል ማድሪድ ብምስዓር፡ መበል 15 ዋንጫ እዚ ውድድር ኣብ ስዑዲ ዓረብ ከተማ ጅዳ ዓቲራ።

ዓሚ ንባርሳ ኣብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ 4ብ1 ብምስዓር ጸዋእ ኣልዒላ ዝነበረት ማድሪድ፡ ኣብ ሓሙሻይቲ ደቒቕ ኣጥቃዓያ ከይላን ምባፐ ውልቃዊ ብቕዓቱ ዘንጸባረቐላ ሽቶ ብምቁጻር፡ ብኢጋኡ 1ብ0 መሪሓ፣ ንካልኣይ ተኸታታሊ ግዜ ነዚ ጸዋእ ተልዕሎ'ውን መሲላ ነይራ።

እንተኾነ፡ ኑቲ በርቃዊን ትጓሓሰ ዘይሃበን መጥቃዕትታት ተጻወትቲ ባርሳ ዝፃዎቱ ሓይሊ ማድሪድ ኣይከበረን። ላሚን ያማል፡ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ዝደፈሮ ልዳት ማድሪድ፡ ብተኸታታሊ ሌዋንዶውስኪ ብፍጹም ቅላዕ፡ ራፊንያን ባልደን ከኣ ንወህደት ጋንታኦም ብዘንጸባርቐ መገዲ ወጽኢት ቀድሚ ዕረፍቲ ካብ 1ብ0 ናብ 4ብ1 ቀዪሮም።


ድሕሪ ምምጻእ ዓሎሚኦም ሃንሲ ፍሊክ ኣብ ጥርዚ ብቕዓት ዝርከብ ራፊንያ፡ ናይ ካልኣይ እብረ ግዜ ሰለስተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ ብመልሰ መጥቃዕቲ ሓሙሻይቲ ሽቶ ወሲኹ። ተጻወትቲ ማድሪድ፡ ኣብዚ ጸወታ ንመልሰ መጥቃዕቲ ባርሳ ክጻወርዎ ኣይከኣሉን።

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ማድሪድ ሮድሪጎ፡ ሓላዊ ልዳት ባርሴሎና ሸዝኒ ካብ ፍጹም ቅላዕ ወጻኢ ኣብ ልዕሊ ምባፐ ብዝፈጸሞ በደል ብቐጥታ ቀይሕ ካርድ ብምብራሩ ዝንተዋህበት ናጻ ቅላዕ ብምቁጻር፡ ወጽኢት ናብ 5ብ2 ኣጸቢብዎ ነይሩ፣ ኣብ መበል 61 ደቒቕ። ኣብ ዝተረፈ ግዜ ዝተወሰኸ ሽቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ማድሪድ መበል 14 ጸዋእ ብምልዓል ምስ መራሒት ዘላ ባርሳ ካብ ምምዕርራይ ተዓንቂጻ። እታ መበል 15 ጸዋእ ዘልዓለት ባርሳ ከኣ ንመራሕነት ኣግፊሓቶ።

## ስለምንታይ ኣርሰናል ኣንጻር ማን ዩናይትድ ጸዕዳ ማልያ ለቢሳ?

እንግሊዛዊት ክሉብ ኣርሰናል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ኣንጻር ማን ዩናይትድ ኣብ ዘካየደቶ ናይ ጸወታ፡ ዘይልምድቲ ጸዕዳ ማልያ ለቢሳ ምጽዋታ ይፍለጥ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሜዳኣ ትጻወት ብምንባራ፡ እታ ልምድቲ ቀያሕ ዝሕብራ



ማልያኣ ክትለብስ ቀዳምነት ይወሃብ ነይሩ። እንተኾነ፡ ምሉእ ጸዕዳ ለቢሳ እያ ተጻዊታ። እቲ ምኽንያት ግን እንታይ እዩ?

እዛ ጋንታ፡ ጸዕዳ ማልያ ለቢሳ ምጽዋታ፡ መቐጸልታ ናይቲ እተካየደ ዘሎ ወፍሪ ኣንጻር 'ገበናት ካራን መጥቃዕቲ መንእሰያትን' እዩ።

ኣርሰናል፡ ካብ ጥሪ 2022 ጀሚራ እያ ምስ ትካል "ኣዲዳስ" ብምትሕብባር፡ ነዚ "ድሕሪ ደገም ቀይሕ የለን" ዝብል ወፍሪ ጀሚራቶ። ዕላማኡ ከኣ፡ ንመንእሰያት ካብ መጥቃዕቲ ካራን ዓመጽን ንምዕቃብን ንቕሓት ንምብራኽን እዩ። ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ንራብዓይ ግዜኣ እያ ትለብሶ ዘላ።

እዚ ወፍሪ፡ ንመንእሰያት ከዕዕሶ እግሪ ኣብ ውሑስ ቦታ ወፍሪ ምፍጣር፡ ዕድላት ምቕራብ፡ ንኣብኢታውያን ሰባት ምትብባዕ፡ ናይ ዋንነት ስምዒት ምፍጣርን ኣወንታዊ ተራ ንዘበርኩ ሰባት ደገፍ ምሃብን እዩ ኣተኩሩ ዝሰርሕ።

እዛ ማልያ ካብ ካልኦት ፍልይ ዘብሎ፡ ኣብ ዕዳጋ ንመሸጣ ዘይትዝርጋሕ ወይ ዘይትሸየጥ ምኳና እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ኣወንታዊ ተራ ንዝተጻወቱን ኣብዚ ወፍሪ ግዜኦምን ሓሳቦምን ዝዀፈሉን ሰባት ግን፡ ከም ሽልማት ትወሃብ እያ።

ኣብዚ ናይ ሳልሳይ ዙር ጸወታ፡ እታ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ተጻዋታያ ዲያጎ ዳሎት ብቐይሕ ካርድ ዝተባረረ ማን ዩናይትድ እያ ተዓዊታ።

ሓለቓ ጋንታ ዩናይትድ ብሩኖ ፈርናንደዝ ንዘመዝገቦ ሽቶ፡ ብመገዲ ተኸላኻሊ ጋብሪኤል ማጋሌስ ዘመዓራረየት ኣርሰናል፡ ድሕሪ'ዚ ንዝረኸበቶ ፍጹም ቅላዕ ክትጥቀመላ ብዘይምኽኣላ፡ ዋጋ ከፊላ እያ። ብውሳኔ ዓላሚኦም ንቐዳማይ ሓላዊ ልዳት ኦናና በለጹ ዝተሰለፈ ባዩንዲር፡ ንቕላዕ ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ማርቲን ኦደጋርድ ኣምኪኑዋ።

ኣብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ'ውን ንጉደሎ ሓደ ተጻዋታይ ዩናይትድ ክትረብሓሉ ዘይከኣለት ኣርሰናል፡ ብፍጹም ቅላዕ 5ብ3 ተሳዒራ ካብቲ ውድድር ተገሊፋ። ቅድሚ ክልተ ሰሙንቲ ዩናይትድ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ካራባኦ ካፕ ብቶተንሃም ተሳዒራ ክትግለፍ ወሰንቲ ጌጋታት ዝገበረ ባዩንዲር፡ ኣብዚ ጸወታ ክሒሰዎ እዩ - ፍጹም ቅላዓት ብምድሓኑ። ዩናይትድ፡ ኣብ ራብዓይ ዙር ኤፍ. ኤ ካፕ ኣንጻር ሌስተር ክጻሓዋ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ቸልሲ - ቦርንማውዝ 10:30 ድ.ቀ

ዌስት ሃም - ፉልሃም 10:30 ድ.ቀ

ብረንትፎርድ - ማን ሲቲ 10:30 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ሊቨርፑል 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ህ/ሪ ቻይና፡ ኣብ ሰደድ ዕብየት ተመዝጊብ


ካልኣይ ዝዓበየ ቁጠባ ዓለም እትውንን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክብረወሰን ዝሓዘ ፍርያት ዝተፈላለዩ ነገራት ናብ ካልኦት ሃገራት ከም ዝለኣኸት፡ ኣገልግሎት ዜናʼታ ሃገር ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ መጠን ሰደድ፡ ነቲ ብክኢላታት ቁጠባ እተወጠነ ግምት ብምሕላፍ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብ10.7 ሚእታዊት ወሰኽ ኣርእዩ።

ብዘይካዚ፡ ብሰፈሑ ክሳደል ትጸቢት ተገይሩሉ ዝነበረ መጠን እታው ደማ ብ1 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ። እዚ ደማ ካብ ሓምለ 2024 ጀሚሩ ዝለዓለ ምዃኑን ሓበሬታ ክፍሊ ገምጋም ቻይና ኣመልኪቱ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ቻይና ሰፊሕ ዝበለ ቀረጽ ዘጠቓልል ቁጠባዊ ኣጀንዳ ዓጢቑ 20 ጥሪ ናብ ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ክምለስ ኣብ ዝዳለወሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ቁጠባ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ምንቅልቓል ብዘለዐ ህዝባዊ ውሑድ መጠን ሃልኪን ብዘጠንቀቕም ብድህታት ከፈላዊ ጸገማት ኩጋጥሞ ምጽንሑ እዩ ዝፍለጥ።



## ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብጉዳይ እገዳ ሶርያ ክዘትያ እየን




ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ምዕራብ፡ ብጉዳይ ምልዓል እገዳታት ሶርያ ኣብ መወዳእታʼዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ተራኺቦም ክዘትዩ ከም እተሰማምዑ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢን ላዕለዎት ዲፕሎማሰኛታትን ሃገራት ምዕራብን ማእከላይ ምብራቕን ድሕሪ ምእላይ ፕረዚደንት ባሻር ኣል-ኣሳድ ንፈለማ እዋን ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ኣኼባ ድሕሪ ምክያዶም እዩ።

ሓላፊት ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ሕብረት ኤውሮጳ ካጃ ካላስ ዝሓለፈ ሰንበት ድሕሪʼቲ ኣብ ሪያድ ዝተኻየደ ኣኼባ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶም ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ 27 ጥሪ ኣብ ብራስልስ ብምርኻብ፡ እቲ 27 ኣባላት ዝሓቖፈ ሕብረት ነቲ ጉዳይ ብኸመይ ክሕዞ ከም ዝኽእል ከምርምሩ ምኳኖም ኣብሪሁ።

ንሳ ወሲኻ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ሶርያ መሰል ደቂ-ኣንስትዮን ካልኦት ጉጅለታትን ዘኽብርን ንኹሉ ዝሓቁፍን መንግስቲ ክርአ ከም ዝደሊ ገሊጻ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ ዓረብ ልኡል ፋይሳል ቢን ፋርሃን ኣል ስዑድ ድሕሪʼቲ ኣኼባ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ብወገኑ፡ “ቀጻልነት እገዳ ሶርያ ንህግታት ልምዓትን ዳግመ ህንጻትን እታ ሃገር ዝዕንቅፍ ብምዃኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ዝተነብረ በይንኣውን ኣህጉራውን እገዳ ምልዓል ኣገዳሲ እዩ” ኢሉ።

ነቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝጸንሐ እገዳ ክእለ ብተደጋጋሚ ክጸውዕ ዝጸንሐ ሓድሽ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ኣሳድ ሓሰን ኣልሻይባኒ፡ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ ዓረብ፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ቀጠር፡ ባሕሬን፡ ዒራቕ፡ የርዳኖስ፡ ሊባኖስን ቱርኪን ኣብʼቲ ርክብ ተሳቲፉ ነይሩ።

## ገዛኢ ሰልፊ ጫድ ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫ ተዓዊቱ



ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ ጫድ፡ ብፕረዚደንት ማሓማት እድሪስ ደቢ ዝምራሕ ገዛኢ ሰልፊʼታ ሃገር ብዙሓ መናብር ከም እተዓወተ ተገሊጹ።

ኣብʼቲ ምርጫ፡ ፕረዚደንት ማሓማት ዝመርሖ ሰልፊ፡ ካብ 188 መናብር ሃገራዊ ባይቶ 124 መናብር ከም ዝረኸበ፡ ሓላፊ ኮሚሽን ምርጫ ጫድ ዝሓለፈ ሰንበት ኣፍሊጡ።

እቲ ብ29 ታሕሳስ ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ፡ ፕረዚደንት ማሓማት ኣብ 2021 ንወላዲኡ ተኪኡ ከም ወተሃደራዊ መራሒ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ ንፈለማ እዋን እዩ ተኻዪዱ።

ንሱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ምርጫ፡ ስልጣን ካብ ሃገራዊ መንግስቲ ወጻኢ ናብ ኣውራጃውን ምምሕዳራውን ምሕደራ ክከፋፈል ዘኽእል ምዃኑ ብምምልካት፡ ህዝቢ ጫድ ንዋዒሕ እዋን ዝተጸበዮን ዝደለዮን ምቕራሕ ስልጣን መንገዲ ዝኸፍት ምዃኑ ኣብሪሁ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ምርጫ ቀንዲ ተቓዋሚ ሰልፊ ‘ትራንስፎርመርስ’ ብዘርከቦም ልዕሊ 10 ተቓወምቲ ውድባት ቅቡልነት ኣይረኸበን ዘሎ።

መንግስቲ ጫድ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣሰር ኒጀር፡ ማሊን በርኪናፋሶን ብምስዓብ ምስ ፈረንሳ ዝነበሮ ወተሃደራዊ ዝምድናታት ምብታኹ ዝፍለጥ እዩ።

## እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ ደብዳብ ነፈርቲ ኣካይዳ

ነፈርቲ ውግእ እስራኤል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ምብራቓዊ ሊባኖስ ከተማ በኣልበክ ኣብ ዝርከብ ከባቢታት ደብዳብ ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

እቲ ደብዳብ፡ ድሕሪʼቲ ብ27 ሕዳር 2024 ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን እስራኤልን ዝተበጽሐ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ንፈለማ እዋን እዩ ተኻዪዱ።

ኣገልግሎት ዜና ሊባኖስ (ኤንኤንኤይ) ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ እቲ ደብዳብ ነታ ከተማ ከም ዝዀነወጻ እኳ እንተተገለጸ፡ ዝወረደ ጉድኣት ግን ብዝርዝር ኣይተሓበረን።

ብኻልእ ወገን ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ፡ ነፈርቲ ውግእ እስራኤል ንሓያሎ ከባቢታት ዒላማ ብምግባር ሸፋሽተ ጸዕቂ ደብዳብ ነፈርቲ ከም ዝፈጸማ ተገሊጹ።

እቲ ብመንግስታት ኣመሪካን ፈረንሳን ዝተበጽሐ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ንኣስታት 14 ኣዋርሕ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ዝጸንሐ ውግእ ከብቅዕ ዝዓለመ ምንባሩ ይፍለጥ።

ብተወሳኺ፡ እስራኤል ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ካብ መሬት ሊባኖስ ክትወጽእ፡ ሰራዊት ሊባኖስ ኣብ ዶብ ሊባኖስን-እስራኤልን ጸጥታ ክሕሉ፡ ኣብʼቲ ዞባ ህላወ ኣጽዋር ይኹን ዕጡቓት ከይህሉ፡ ገለ ኣብʼቲ ስምምዕ ካብ ዝተበጽሐ ውዕላት እዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ሰራዊት እስራኤል ዋላʼኳ ብትሑት መጠን ይኹን ኣብ ሊባኖስ መጥቃዕቲታት ምፍጻም ቀጺሉ ኣሎ።



## ኣመሪካ - ቁጽሪ ምዉታት ባርዕ ጫካ ወሲኹ

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ከተማ ሎስ ኣንጀለስን ከባቢኣን ተኸሲቱ ብዘሎ ብርቱዕ ባርዕ ጫካ፡ ቁጽሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት 24 ክበጽሕ እንከሎ፡ ካልኦት 16 ድማ ከም ዝጠፍኡ፡ ሰበስልጣንʼታ ሃገር ሓቢሮም።

በቲ ዝሓለፈ ሰንበት ንሻድሻይ ተኸታታሊ መዓልቲ ዝቐጸለ ባርዕ፡ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ካብ መንበሪኦም ክመዛበሉ እንከለው፡ ኣስታት 12 ሽሕ ህንጻታት ድማ ከም ዝዓነዉ ተገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ ነቲ ሃልሃልታ መሊሱ ኪጋድዶ ዝኽእል ብርቱዕ ንፋስ ቅድሚ ምምጽኡ ነቲ ባርዕ ንምጥፋእ ይሰርሑ ከም ዝለው፡ እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ኣረዲኦም።

እቶም ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ ካብ ካልኦት ሸሞንተ ክፍላተ-ሃገራት ከምኡʼውን ካብ ካናዳን መክሲኮን ብዝመጽኡ ሰራሕተኛታት ይሕገዙ ኣለው።

እቲ ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝተዋግዲ ሃዲኡ ዝነበረ ኣዕናዊ ህቦብላ ‘ሳንታ ኣና’፡ ካብ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ክሳብ ረቡዕ መሊሱ ክለዓል ምዃኑን ክሳብ 96 ኪ.ሜ ኣብ ሰዓት ዝበጽሕ ፍጥነት ክህልዎ ከም ዝኽእልን ክኢላታት ክሊማ ኣጠንቂቖም።

ብመሰረት ጸብጻብ ‘ኣኩዌዘር’ ዝተባህለ ብሕታዊ ትካል ትንቢያ ኩነታት ኣየር፡ ብሰንኪʼቲ ባርዕ ሓዊ ካብ 250 ቢልዮን ክሳብ 275 ቢልዮን ዶላር ዝበጽሕ ፊናንሳዊ ክሳራታት ከም ዝወረደ ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚʼሉ እንከሎ፡ ዶናልድ ትራምፕ፡ “እቲ ሓደጋ ብሰንኪ ብቑዓት ዘይብሎም መራሕቲ፡ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ካብ ዝጋጠሙ ዝኸፍኡ ሓደጋታት ኮይኑ ኣሎ” ክብል ንኣመሓዳሪ እታ ክፍለ-ሃገር ድሕሪ ምውቃሱ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሰበስልጣን ዝጸንሐ ዘይምርድዳእ ቀጺሉ ኣሎ።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት

ዕለት
14/01/2025

ጎደና
ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ

ቁ.ስልኪ
125154

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565